# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.44 | ረቡዕ 22 ጥቅምቲ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — መወዳእታኡ ዘይፍለጥ...



ገጽ 4 — ባህሊ ንባብ፡ ንቕሓትን ዕብየትን ዜጋታት የረጋግጽ...



ገጽ 9 — 'ብምንባር፡ ንዘለካ ምፍቃር'



ገጽ 10 — ቆፃሕ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ዒራቕ፡ ሊባኖስ፡ ሶርያ፡ ስዑዲ ዓረብ...


## ተሰነይ፡ ተራ ኮማዊ ፖሊስ ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ





ተርእዮ ገበናትን በደላትን ንምቍጽጻር ብፖሊስ ኣብ ዝካየድ ንጥፈታት ተራ ኮማዊ ፖሊስ ክሕይል፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ካፒተን ዓብደኑር ሽሪፍ፡ ምስ ኣባላት ኮማዊ ፖሊስ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ዕላማታት ኮማዊ ፖሊስ፡ ገበን ምክልኻልን ገበነኛታት ምቕላዕን፣ ሰላምን ስርዓተ ሕግን ምርግጋጽ፣ ኣብ መንጎ ህዝብን ፖሊስን ዘሎ ዝምድና ብምሕያል ኣበርክቶ ህዝቢ ምዕባይ፣ መደብራት ፖሊስ ኣብ ከባቢኣን ክፍጸም ብዛዕባ ዝኽእል ገበን ኣቐዲመን ሓበሬታ ከምዝረኽባ ምግባር ከምዝጠቓልል ብምጥቃሱ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዝህልዎም ኣበርክቶ ምሕያል ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ካፒተን ዓብደኑር ገሊጹ።

ብደረጃ ንኡስ ዞባ ንዘተመዝገበ ገበናት፡ በደላትን ሓደጋታት ትራፊክን ምስናይ ሳዕቤናቱ ብኣሃዛት ኣሰኒዩ ብምቕራብ፡ ሰላምን ጸጥታን ዜጋታትን ኣኽብሮን ምውሓስ ካብ ቀንዲ ተልእኾ ፖሊስ ስለዝኾነ፡ እዚ ከኣ ብዘይ ናይ ኮማዊ ፖሊስን ህዝብን ተሳትፎ ኣድማዕነት ክህልዎ ስለዘይክእል፡ ምትሕብባርም ምስ ፖሊስ ከዕዝዙ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጸጥታ ከባቢኦም ንምውሓስ ንቑሕ ኣበርክቶ ክገብሩ ዘለዎም ድልውነት ብምርግጋጽ፡ ምትሕብባሮም ምስ ፖሊስ ከምዝሓይሉ ሓቢሮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ስዩም ገብረእየሱስ ብወገኑ፡ ርጉእ ኣከባብን ቅሱን ሕብረተሰብን ንኽህልወና፡ ኣባላት ኮማዊ ፖሊስ ዕቱብ ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

## መትከል ኣቤት - ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዕብየት ኣርእዩ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ መትከል-ኣቤት - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር ከሎ፡ ኣብ መባእታ ብ7 ሚእታዊት፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ድማ ብ4 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ተገሊጹ።

ርእሰ-መምህር መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ስወእ ኢብራሂም ዓፋ - መምህር መሓመድ እድሪስ፡ ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ኣብ መባእታ 43 ሚእታዊት፡ ኣብ ማእከላይ ድማ 39 ሚእታዊት ከምዝኾነ ብምጥቃሱ፡ ትሕቲ ተገዳስነት ወለዲ፡ ልሕሉሕ ስሉሳዊ ዝምድና፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ብቐረባ ዘይምህላው፡ ከምኡ'ውን ሰበኹ ሳጥማዊ መትከል፡ ካብ'ቶም ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብኣሉታ ዝጸልዉ ብድሆታት ከምዝኾኑ ኣረዲኡ።

ኣብ'ታ ቤት-ትምህርቲ ዘሎ ሕጽረታት ንምፍታሕ ብወርቲ ንዝወሰድ ተበግሶታት ኣመልኪቱ ድማ፡ ሎሚ ዓመት ኣርባዕተ ግዝያዊ መምሃሪ ክፍልታት ከምእተሰርሐ ብምሕባር፡ ሕጽረት ዝስተ ማይ ቅልጡፍ ፍታሕ ክናደየሉ ተላቢዩ።

ኣብ 1994 ዝተሃንጸት መባእታ ቤት-ትምህርቲ ስወኣ ኢብራሂም ዓፋ፡ ኣብ 1997 ናብ ማእከላይ ደረጃ ከምዝዓበየት ሰነዳት የረድኡ።



## ገዲም ተጋዳላይ እዮብ ቀሪን ተሰዊኡ



ኣባል ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ገዲም ተጋዳላይ እዮብ ቀሪን ተስፋሚካኤል፡ ትማሊ 21 ጥቅምቲ ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ 1975 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ እዮብ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያትን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ እዮብ ቀሪን፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 5 ደቅን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 21 ጥቅምቲ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ እዮብ ቀሪን ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን ጽንዓት ይምነ።

ዜና

# ዓዲ-ቐይሕ - ንሓደስቲ መምህራን ስልጠና ስነ-ምምህርና ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብ19 ጥቅምቲ ንሓደስቲ መምህራን ኣብ ስነ-ምምህርና ዘተኮረ ስልጠና ወሃበ።

እቲ ስልጠና፡ ካብ 15 ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ፡ ኣብ መባእታ፡ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ዝምህሩ 41 መምህራንዩ ተዋሂቡ።

ሓላፊ ስነ-ምምህርና መምህር መብራህቱ ተስፎም ንዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና ኣብ ዝገለጸሉ፡ መረዳእታ ሓደስቲ መምህራን ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምዕባይ፣ ክኽእሉዎ ዘዋጸኡ ሜላታት ኣመሃህራ ንምንጻር፣ ከምኡ'ውን ትጽቢት ተመሃሮ ብምልላይ ናይ ትምህርቲ ድሌታቶም ክብ ንምባል ከምዝሸፈነ ኣብሪሁ።



ስእሊ - ሚልዮን ኣፈወርቂ




ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ መምህር በየነ ተስፋይ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ኣማእዚዚ ከምዝሸፈነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ስርሖም ኣብዚታውያን ብምዃን ዕዉታት ተመሃሮ ንምፍራይ ክጽዕሩ ተላቢዩ።

# ማእከል - ኣብ ምኽባር መሰላት ቈልዑ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ምኽባር መሰላት ቈልዑን ምውጋድ ሃሰይቲ ልምድታትን ዘተኮረ፡ ብወከልቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታት ጥዕና፡ ፍትሕን ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዝተወደበ ኣስተምህሮ፡ ንልዕሊ 3 ሽሕ ነበርቲ ተዋሂቡ።

ብ19 ጥቅምቲ ኣብ ኣዳራሽ ኤክስፖ ኣብ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ዕድመ ወሊድ ዝርከባ ደቀኣንስትዮ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ካልኦት ጸለውቲ ሰባትን ከምኡ'ውን ወከልቲ ጥዕና ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ሰምበል ተሳቲፎም።

ህጻናት ክሳብ ንግንቀሚ ኣዳምን ሄዋንን ዝጸቕዑ ኣድላዪ ናብዮትን ክንክንን ከምዝድልዮም ዝሓበሩ ሞያውያን፡ መሰረታዊ ናይ ትምህርትን ጥዕናን መሰላት ክረኽቡ፣ ደቀኣንስትዮ'ውን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከይሰናኸላ ኩሉ ዜጋ እጃሙ ክበርክት ከምዝዋጾእ ገሊጾም።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ክኢላ ማሕበራዊ ድሕንነት ኣቶ መሓሪ ወልደኪሮስ ብወገኑ፡ ምስ ሰንክልና ዝነብሩ ህጻናት ዝያዳ ኣድህቦ ክወሃቦም ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ሰምበል ወ/ሮ ጺጋ ኤልያስ ድማ፡ ተሳተፍቲ ንዝተዋህበ ኣስተምህሮ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ክሕይሉ ጸዊዓ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ መደብ ኣገዳስነቱ ልዑል ስለዝኾነ፡ ብዘለዎ ክድፋኣሉ ተላቢዮም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


# ኣባላት ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ደም ለጊሶም

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንኪ ደም ንምስሳን ብ19 ጥቅምቲ 43 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ ኣቶ ዳንኤል ክፍላይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ማሕበርም ብጥርኑፍ ንመበል 7ይ ግዜኡ ይልግስ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ደም ምልጋስ ጻውዒት ዘድልዮ ሰናይ ተግባር ስለዝኾነ፡ ኣብ መጻኢ ብዘለዎ ከምዝደፍኡሉ ኣረዲኡ።

ኣባል ሃገራዊ ባንክ ደም - ተሓጋጋዚት ነርስ ሸዊት ሃብታይ ብወገና፡ ብጥርኑፍ ይኹን ብውልቂ ንዝቶጸደ ወለንታዊ ልግሲ ደም ብምምስጋን፡ ውሑስ ደም ውሕስነት ህይወት ስለዝኾነ፡ ተሳታፍነት ናይ ኩሉ ዜጋ ክዓቢ ጸዊዓ።

ለገስቲ ብወገኖም፡ ብዝተኻእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ንምድሓን ከም ወትሩ ብጥርኑፍ ክልግሱ ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።



ሳኣሊ. ዙቤር ሰዒድ

# ባጽዕ - ብሞያ ዝሰልጠኑ ሰራሕተኛታት ተመረቕም

ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዑ፡ ብቴክኖሎጂ ሓበሬታን ምሕደራን ንስለስተ ኣዋርሕ ብምዝብርን ክልሰ-ሓሳብን ዘሰልጠኖም 12 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 61 ሰራሕተኛታት፡ ብ16 ጥቅምቲ ተመሪቖም።

ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ ሰብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ተስፋማርያም ተስፋሚካኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ንምብራኽ፡ ሃብቲ ሰብ በብእዋኑ ስልጠናታት ይውድብ ከምዝሎ ብምሕባር፡ ሰልጠንቲ ፍልጠቶም ምስ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ኣላፊኖም ብግቡእ ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ኣሚን ከተማ ድማ፡ ንኣገዳስነት ሞያዊ ስልጠና ኣብ ኣድማዕነት ተግባረ ዘውጠን መደባት ብምጥቃስ፡ ዘለናዮ እዋን ዓጸፋ ስራሕን ተወፋይነትን ዝሓትት ስለዝኾነ፡ ደገፍ ምምሕዳር ዞባ ከምዘይፍለዮም ኣረጋጊጹ።



ስእሊ. መስዑድ መሓመድ

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## መወዳእታኡ ዘይፍለጥ ወተሃደራዊ ስርሒት ኣብ ምቁጽጻር ‘ናርኮቲክስ’

ካብ ዝሓለፈ ኑሓሰ ንደሓር፡ መራኽብ ወግእ ኣመሪካ፡ ‘ንጉዲ ኣወሰፍቲ ቀመማት’ ንምቁጽጻር ብዝብል ብዮኮ ኣብ ከባቢ ማያት ካሪብያንን ቨንዙዌላን ከንቀሳቐሳ ምቕናየን ይፍለጥ። ካብ’ተን ናይ ወግእ መራኽብ ዝተበኮሰ ደብዳበ ነፈርቲ ድማ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ብምፍናው ሓያሎ ጀላቡ ከም ዘዕነዋ ይሕበር። ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘቐነዉ ኒጋዶ ሓሽሽ ከም ዝጸዓኑ ዝተገልጹ - ኣብዘን ጀላቡ ዝጸንሑ ኣስታት 27 ተሳፈርቲ እውን ህይወቶም ከም ዝሰኣኑ ተሓቢሩ ነይሩ። እቲ ብሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ዝካየድ ዘሎ ወተሃደራዊ ስርሒታት፡ ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ናርኮቲክ ንምዕጋት ዝብል ምኽንያት ይሃልዎ ደኣ እምበር፡ ብዙያዳ ናብቲ ካብ ቨንዙዌላ ከም ዝወጽእ ዝንገረሉ ንጉዲ ኣወሰፍቲ ቀመማት ዘተኩረ ከም ዝኾነ ይንገር።

ኣብ መንን ኣመሪካን ቨንዙዌላን ዝነበረ ድልዱል ርክብ ክበላሾ ዝጀመረ ሕጂ ዘይኮነስ ኣብ መወዳእታ 1990ታት ኣብታ ሃገር ዝርከብ ኩባንያታት መፍረ ነዳዲ ብመንግስቲ ክህገሩ ምስ ጀመሩ፡ ቬንዙዌላ ኣባል ኦፔክ (ማሕበር ለኣኽቲ ነዳዲ) ኮይና ፖሊሲታት መሸጣ ነዳዲ ክትቅይር ምስ ጀመረትን ከም ዝኾነ ይፍለጥ። ኣብዚ እዋን ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት እናሓየለ ዝኸይድ ዘሎ ወተሃደራዊ ወጥርታት፡ ‘ኣብ መሸጣ ኣወሰፍቲ ቀመማት’ ጥራይ ዘተኩረ ከም ዘይኮነ፡ ክልቲኦም ወገናት ክህብዎ ካብ ዝጸንሑ መግለጺታት ምርዳእ ይከኣል። ቨንዙዌላ፡ እቲ ወጥሪ ካብ ባሕሪ ሓሊፉ ናብ ምድሪ ክሰሕም ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ምልሻ ኣብ ተዳሎ ሰራዊት ከም ዘኣ ይፍለጥ። ኣመሪካ እውን ብባሕርን ነፈርትን ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ኣብ ውሽጢ መሬት ቨንዙዌላ ምስጢራዊ ስርሒታት ክትካየድ ኣዚዛ ኣላ። ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብግህዲ ማ.ወ.ስ ኣብ ውሽጢ ቨንዙዌላ ስርሒታት ከካይድ ትእዛዝ ከም ዝሃበ ባዕሉ ኣፍሊጡ ኣሎ።



ፕረዚደንት ቨንዙዌላ ኒኮላስ ማዱሮ ብዝለኣኸዎን ሃገሩ ንህዝቢ ኣብ ዘቕረቦ መብርሂ፡ ህዝቢ ቨንዙዌላ ንኩነታት ብህድኣት ክከታተል እምበር ክርበሽ ወይ ክርበጽ ከም ዘይብሉ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ “ስርዓት ንምቕያር ዝግበር ወተሃደራዊ ምትእትታዋት፡ ይትረፍ ዶ ኣብ ላቲን ኣመሪካስ ኣብ ኣፍጋኒስታን፡ ዒራቕን ሊብያን እውን ክሰርሕ ኣይከኣለን” ክብል ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ማ.ወ.ስ ኣብ ቨንዙዌላ ስርሒት ከካይድ ዝፍቀደ ንምንታይ ከም ዝኣዘዘ ብጋዜጠኛታት ተሓቲቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ እቲ ካልኣይ ቀንዲ ምኽንያት፡ ቬንዙዌላ ገበነኛታት እሱራት ናብ ኣመሪካ ንኸሰድዱ ብዝበዝሒ ትፍኑ ብምህላዋ ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

እቲ ነፈርቲ ኣመሪካ ኣብ ባሕሪ ካሪብያን ዘካይደኦ ዘለዋ ደብዳባት፡ ብዓለም ለኻዊ ሕጊ ይኹን ብመሰረት ሕጊ ርእሰ ምክልኻል ናይታ ሃገር ተቐባልነት ዘይብሉ ከም ዝኾነ ጸብጻባት የመልክቱ። ኣብቲ ዛጊት ሽዱሽተ ግዜ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ስርሒታት ናይ ባሕሪ ዝሞቱ 27 ሰባት፡ ኩሎም ተጻባእቲ ኣመሪካ ምንባሮም ዝእምን መርትዖ ከተቕርበሎምን ኣቀታትላኦም ሕጋውነት ክተልብሶን ከም ዘጸገማ ሓያሎ ተንተንቲ የረድኡ። ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ኒኮላስ ማዱሮ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ጸቕጥታት፡ እቲ ፕረዚደንት ብዙሕ ህዝባዊ ደገፍ ንኸይረክብ ክሕግዞ ከም ዝኽእል ይግመት። እዚ፡ ኣብ ቬንዙዌላ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ሓያሎ ካልኦት ሃገራት ላቲን ዝርከቡ ‘ጸጋማውያን’ እናተባህሉ ብዝፍለጡ ሰልፍታት ዝምርሑ መንግስታት እውን ፖለቲካዊ መኽሰብ ክረኽቡሉ ከም ዝኽእሉ ይእመን።

ማ.ወ.ስ ኣብ ሓያሎ መንግስታት ዓለም ምትእትታው ብምግባር ስርሒታት የካይድ ከም ዝነበረ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ርብዒታት ኣመሪካ ኣብ ምሕላው ኣብ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ እውን ቅሉዕ ተራ ከም ዝነበሮ ይዝከር። ኣብ ክፍላ ናይ ዝሓለፈ 1930ታት፡ ማለት ፕረዚደንት ኣመሪካ ፍራንክሊን ሩዝቨልት ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ “መምርሒ ሰናይ ጉርብትና” ብዝብል ፖሊሲ፡ ኣመሪካ ንኻልኦት ሃገራት ከይትወርርን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያተን ምትእትታው ከይትገብርን ዝኽልክል ሕጊ ኣውጺኣ ነይራ። ካብ 1800ታት ኣትሒዙ ንሓያሎ ዕቑዲት ዝቖጸለ “ኩናት ባናና” እናተባህለ ኣብ ዝጽዋዕ ዝነበረ እዋን እውን፡ ኣመሪካ እተካይዶ ዝነበረት ወተሃደራዊ ምትእትታው ንኽቋረጽ፡ ብሓድሽ ሰላማዊ ዲፕሎማሲ ምዕራባዊ ዞባ ክተኣሳስር የኽእል ዝተባህለ ፖሊሲ ንኸተተኣኽን ተፈቲታ ነይራ። ኣብ ግዜ ዝሑል ኩናት ምስ ተበጽሐ ግን፡ ‘ሰናይ ጉርብትና’ ጠፊኡ ደቡብ ኣመሪካ ብ ማ.ወ.ስ ብዝምወል ዕልዋታት ይሕመስ ነበረ። ጸጋማውያን ዝተባህሉ መንግስታት እናተዓልዉ ድማ ብኻልኦት ይትክኡ ነበሩ።

## ሓድሽ ዘይኮነ ዲፕሎማስያዊ ምትእትታው ኣመሪካ ኣብ ሃገራት ላቲን

ኣብ 1950ታት ኣብ ጓቲማላ ብህዝቢ ተመሪጹ ዝነበረ መንግስቲ፡ ብሕታውያን ኩባንያታት ናይ ምህጋር መደብ ከም ዘለዎ ምስ ተፈልጠ፡ ብማእከላይ ወከልቲ ስለያ ኣመሪካ (ማ.ወ.ስ) ብዝምወሉ መኩንናት ተዓልዩ። እታ ሃገር ግና ንኣስታት 30 ዓመት ኣብ ዝወሰደ ዕጥቃዊ ግጭትን ሓድሕድ ውግእን ሰጢማ ጸኒሓ። መራሕቲ ሰውራ ኩባ እውን ንስርዓት ባቲስታ ብዕጥቃዊ ቃልሲ ኣልጊሶም ስልጣን ምስ ሓዙ፡ ምስ ኣመሪካ ኣብ ሰናይ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ክጻመዱ ፈቲኖም ነይሮም። ፊደል ካስትሮን ብጾቱን ብዘተገበረሎም ዕድመ እውን ናብ ኣመሪካ ገይሾም ነይሮም። ኣመሪካ ነቲ ሓድሽ መንግስቲ ኩባ ንምልጋስ ዕሱባት ትምልምል ከም ዘላ ብስለያ ዝተረድኡ መራሕቲ ኩባ ግን፡ ኣመሪካ ከይፈለጠት ምድላዋት ክገብሩ ጸኒሖም። እቶም ብኣመሪካ ዝምወሉ ዕሱባት ብጥምጥም ባሕሪ ኩባ ሰሊኾም ብምእታው መጥቃዕቲ ምስ ጀመሩ፡ ተዓልዮም ብጸንሑ ሓይልታት ጸጥታ ኩባ ከም እተደምሰሱ መዛግብቲ ይጠቕሱ። እቲ ፍጻመ ልዕሊ 60 ዓመታት ኣሕሊፉ፡ ኩባን ኣመሪካን ክሳዕ ሕጂ ሰላም የብለንን።

ብታሪኽ ዕልዋታት እትፍለጥ ኢኳዶር፡ ካብ 1925 ክሳብ 1947 ኣስታት 27 መራሕቲ ቀያይራ እያ። ኣብ 1950ታት ግና፡ ሰላም ዝሰፈኖ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዓሲሉዋ። ኣብቲ እዋን ዝነበረ ፕረዚደንት ሆዜ ቬላስኮ ኢባራ፡ ምስ ሕብረት ሶቭየትን ኩባን ርክባት ናይ ምድልዳል ዝንባለ ምስ ኣርኣየ፡ ኣመሪካ ኣይቀሰነትን። ማ.ወ.ስ ብዝገበሮ ምትእትታዋት ተኸታታሊ ዕልዋታት ተኻይዱሉ፡ ኣብ 1963 ኢኳዶር ምስ ኩባ ዝነበራ ዲፕሎማሲያዊ ርክባት ዘበትኽ መንግስቲ ተተኺሉ።

ኣብ ብራዚል እውን ብተመሳሳሊ ኣብ መጀመርታ 1960ታት ተመሪጹ ዝነበረ መንግስቲ፡ ምስ ማሕበርነታውያን መንግስታት ክቀራረብ ከም ዝደሊ ምስ ተፈልጠ፡ ማ.ወ.ስ ብዘወደቦ ሰልፍታት ህዝብን ሰራዊትን እናናረሰ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ነቲ መንግስቲ ብዕልዋ ኣልጊሱ ፈታው ኣመሪካ ዝኾነ ሓድሽ ስርዓት ማሰሪቱ። ካብ 1960ታት ክሳብ መወዳእታ 1990ታት፡ ንኣስታት 30 ዓመታት ብምትእትታው ማ.ወ.ስ ኣብ ቦሊቭያ ዝተራእየ ፖለቲካዊ ሕንፍሽፍሽ እሞ ኣብዚ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን።



ኣብ ምእታው 1970ታት ኣብ ቺለ ዝተመርጸ ፕረዚደንት ኣልቫዶር ኣየንደ፡ ኣብታ ሃገር ንዝርከብ ኩባንያታት ዕደና ነሓሲ ክህግርን ካብ ኢድ ወጻእተኛታት ኣገላግሉ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ክእትወንን ድልየት ከም ዘለዎ ተፈልጠ፡ ማ.ወ.ስ ከኣ ኣንጻር ኮሙኒዝም (ዴሞክራሲ) ዝቃወም ሰልፍታት እናመወለ ህዝብን ሰራዊትን ጸረ መንግስቲ ስምዒታት ንኸሕድሩ ይድርኽ ነበረ። ኣገስቶ ፒኖሼ ዝተባህለ ጀነራል ዕልዋ ኣካይዱ ድማ ንኣየንደ ክኣስር ፈቲኑ። ኣየንደ ግን ብህይወት ኣይተረኽበን። ኣብ ኣማውታኡ ንሓያሎ ዓመታት ዝቐጸለ ውዱታዊ ዕላላት ይዝርጋሕ እኳ እንተ ነበረ፡ ድሒሩ ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ ግና፡ “ብጸላእቱ ምስ ተኸበ ብኢዱ ርእሱ ቀቲሉ ፈጺሙ” ኣብ ዝብል መደምደምታ ተበጺሑ። ነቲ ዕልዋ ዝዐደደ ስርዓት ፒኖሼ ድማ፡ ነታ ሃገር ን17 ዓመት ኣመሓዲሩዋ።

ኣብ ክፍላ 1970ታት፡ ማ.ወ.ስ “ስርሒት ኮንዶር” ተባሂሉ ዝፍለጥ፡ ኣብ ሽዱሽተ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ዝነበሩ የማናዊ ስነ ሓሳብ ዝኽተሉ ወተሃደራዊ ስርዓታት ዘተኣሳስር መርበብ ዘርጊሑ ነይሩ። ኣብ ኣርጀንቲና፡ ቺለ፡ ኡራጓይ፡ ፓራጓይ፡ ብራዚልን ቦሊቭያን ዝኾኑ ተቓወምቲ ኣንጻር መንግስቲ ከይለዓሉን ናይ ተቓውሞ ምልክት ምስ ዝርአ ድማ ቀልጢፉ ክሕምሽሽን ዝኽእል መለዋወጢ ሓበሬታ እዩ ነይሩ። ኣብ ሓደ ሃገር ዝተላዕለ ተቓዋሚ መንግስቲ ብኻልኦም እቶም መንግስታት ይህደንን ተታሒዙ ከኣ ነቲ ዝደልዮ መንግስቲ ይርከብን ነይሩ። ሓደ ናይ ሓቦር ማዕከን ሰደን ኣገባብ ሜላ መርመራን እውን ይጥቀሙ ነይሮም። ሓያሎ ቅንጽላታት ይካየድ ምንባሩ እውን ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብነታት ናይ ምትእትታው ኣመሪካ ኣብ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ፡ ዓመታት ምስ ኣሕለፈ ብታሪኽ እናተቐልዐ ዝወጽእ እምበር ከምዚ ናይ ሕጂ ‘ክፍት’ ተባሂሉ ዝተኣወጀ ኣይነበረን። ፕረዚደንት ቬንዙዌላ ኒኮላስ ማዱሮ እውን፡ ማ.ወ.ስ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ክዋጽ እንክሎ ብስውር እምበር፡ ብኸምዚ ናይ ሕጂ ብቓልዕ እናጨደረ ከም ዘይነበረ ገሊጹ ኣሎ። ካብ ዓለም ብዕብየት ዕቑር ነዳዲ ቀዳመይቲ ምኻና ዝንገረላ ቬንዙዌላ፡ ብሰንኪ እገዳ ካብ ዓቕማ ኣዝዩ ትሑት ዝኾነ ዓቐን ነዳዲ እያ ትሸይጥ። ነቲ ዝዋርግ ዘሎ ወጥርታት ንምህዳእ ድማ፡ ኣመሪካ ኣብ ጽላት ነዳዲ እታ ሃገር ብርክታት ክትዕድግ ዘኽእላ እማመ ምቕራብ ምንጮታት ምዕራብ ይሕብሩ።

ኣመሪካ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ብሕጂ ኣብ ዝኮዓቱ ዒላታት ነዳዲ ቬንዙዌላ ልዑል እጃም ክህልዋ፡ ኩባንያታት ኣመሪካ ሓሊፋታት ክዋበረለንን መንግስቲ ቬንዙዌላ ድልየት ከም ዘለዎ ድማ፡ እቶም ምንጮታት ወሲኾም የመልክቱ። ካብ ቬንዙዌላ ናብ ካልኦት ሃገራት ዝቐንዕ ነዳዲ ኣንፈቱ ቀይሩ ናብ ኣመሪካ ክለኣኽ፡ ከምኡ ድማ ቬንዙዌላ ምስ ካልኦት ሃገራት ዝነበረቶ ስምምዓት ክስረዝ ከም ዝከኣል ሰብ መዚ ቬንዙዌላ ምግላጾም ጸብጻባት የረድኡ። ኣመሪካ ግን፡ ነዚ ኩሉ ሕድገታት ከም ዘይተቐበለቶ፡ ጋዜጣ ‘ኒውዮርክ ፖስት’ ይገልጽ። ኣመሪካ ክንዮ’ዚ እንታይ ኩን ደልያ ትኸውን?

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ-ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄራር |
| 14:25 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:55 | ህርመት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ኣከባቢ |
| 22:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ማሕበራዊ ዕብየት

*ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ*

## ባህሊ ንባብ፡ ንቕሓትን ዕብየትን ዜጋታት የረጋግጽ

### * ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ባህሊ ንባብ ዘደንፍዕ መድረኽ ይፈጥር

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ምንባብ መግቢ ኣእምሮ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ልምዲ እዩ። ምንባብ ዘለዎ ኩሉ መዳያዊ ጥቕሚ ኣብ ብዙሕ ኢጋጥሚታት ተዘርቢሉን ተጻሒፉሉን እዩ። ከም ሃናጺ ልምዲ ኣብ ሕብረተሰብ ሰሪጹ ኩሉ ዜጋ ብዝዮጋጽእ ክሳብ ዘተግብር ቀጻሊ ኣስተምህሮታትን ኀብሃሳትን ምኪያድ ኣገዳሲ ይኸውን። ባህሊ ንባብ ንምዕባይን ንምኽሳኽሳ፡ በብዓውዱ ተጻሒፉ ናብ ኣንባቢ ዝቐርብ መጻሕፍቲ ምህላው'ውን ውሽ እዩ።



መጻሕፍቲ በብዓውዱ ተሓቲሞም ኣብ ዝዘርግሕሉ እዋን ኣንባቢ ኣማራጺታቱ ብምግምጋም መምስ ዓውዱ ዝኸይድ ጽሑፋት ከንብብ ዕድል ይረኽብ። እቶም ጽሑፋት ዘቅትትዎ ሓሳባት ኣብ ሕብረተሰብ ተዘርጊሑ ለውጢ ዘምጽእን ንሕብረተሰብ ንቕሓቱ ዘበርኽትን ኣብ





ምጥቃር ድማ ተራ ጸሓፍቲ ልዑል ምዃኑ ኣይዝንጋዕን። ኣብ ህይወት ዝድለ ንቕሓትን መረዳእታን ንምፍጣር ብኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝርከብ ፍልጠት በይኑ እኹል ኣይኮነን። ነቲ ዝተረፍ ትምህርቲ ብመንገዲ ንባብ ንምርካብ ተበግሶ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ጥቕሚ ትምህርቲ ተረዲኡዎ ንደቁ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ኣብ ምልኣኽ ዝለዓለ ንቕሓት ዘለዎ ህዝቢ እዩ። ንባህልን ልምድታትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትምርምረሉ እዋን ንጥቕሚ ትምህርትን ንባብን ዝገልጹ ብዙሓት ምስላታትን ብሂላትን ይርከብዎ። ዝ ኣብ ግምት ብምእታው ካብ መውዓሊ ህጻናት ክሳብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ኣብ ዝዝርግሑ ትምህርታዊ ትካላት ዝጸንዑ ተመሃሮ ዝድልብዎ ዘለዉ ፍልጠት ብዙሕ እዩ። እዚም ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዝርከቡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ተመሃሮ፡ ኣፍረይቲ ዜጋታት ብምዃን ሕድሪ ተረኪቦም ሃገር ኣብ ምህናጽን ምምዕባልን ተራኦም ክጻወቱ ልዑል ትጽቢት ኣሎ።

ሓደ ካብቲ ተሳትፎ ተመሃሮ ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ንምዕባይ ዝተኣታተወ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ኣብ ክፍሊ ተመሃራይ ንኽነጥፍ ዘተባብዕ ኣገባብ ትምህርቲ እዩ። በዚ ኣገባብ ኣመሃህራ እዚ፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ተመሃሮ ካብ ልኡማት ሰማዕቲ ናብ ንጡፋት ተወሰኽቲ ተቐይሮም ኣለው። ሓደ ካብ ብዙሓት እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ ንተመሃሮ ዘምጽኣሎም ዘሎ ጥቕምታት

ክኣ ምዕባይ ባህሊ ንባብ እዩ።

ተመሃሮ ኣብ ክፍሊ ዘንበብዎም ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ ንናይ ምንባብ ዓቕሞም ብምዕባይ፡ ኣድማስ ፍልጠቶም ኣብ ምብራኽ ዓቢ ተራ ዘለዎ እዩ። ተመሃሮ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ከይተሓጽሩ፡ ካልኣት መጻሕፍቲ

ብምንባብ'ውን ሓፈሻዊ ኣፍልጦኦም ዓቕሞምን ከዕብዩ ይኽእሉ እዮም።

ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ ምንባብ፡ ኣእምሮ ተመሃሮ ኣብ ምስፋሕን ፈጠራዊ ዓቕሞም ኣብ ምዕባይን መሰረታዊ እዩ። ባህሊ ንባብ ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ ብምውካስ ዝዓቢ ልምዲ እዩ። ምንባብ ልክዕ ከም'ቶም ንምንባር ዘድልዩ መሰረታዊ ጠለባት ህይወት ማለት ከም መግቢ፡ መጽለሊ፡ ክዳን፡ ማይ ወዘተ ተረኣእዩ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ክተግበር ይግባእ። ንምንባብ ኣካል ህይወትና ምግባር፡ ጥዑይ ኣእምሮ ብምውናን፡ ፈጠራዊ ሓሳባት ብምፍልፋል፡ ዕብየትና ከመሓይሽን ዚጋጥመና ብድሆታት ህይወት ክንገጥሞን ሓጋዚ እዩ።

ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ፡ ጾታን ማሕበራዊ ደረጃን ከይፈለየ ክተግበሮ ካብ ዝዋጾእ



ልምዲ፡ ባህሊ ምንባብ ምዕባይ እዩ። ባህሊ ንባብ ንወሱን ክፋል ሕብረተሰብ ዝተሓዝአ ኣይኮነን። ድምር ንቕሓትን ዕብየትን ሕብረተሰብ ንምርግጋጽ ሓብራዊ ንቕሓት የገድስና። ዚ ሓብራዊ ንቕሓት ንምድላብ ከኣ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ባህሊ ንባብ ኣካል ዕለታዊ ህይወቱ ከም ዝገብሮ ምርግጋጽ ኣድላዪ ይኸውን።

ካብ ባህሊ ንባብ ካብ ዝርከቡ ኣገደስቲ ጥቕምታት፡ ሚዛናዊ ማለት ርትዓውን መንታውን ሰብ ክትኮውን ይገብረካ። ርትዓውነት ክበሃል ከሎ፡ ካብ ሻራዊ ኣተሓሳስባ ናጻ ብምዃን ምዕሩይን ሚዛናውን ኣመለኻኽታ ምውናን ማለት እዩ። ኣብ'ዚ ጉዳይ፡ ህላወ ኣንባቢ ሕብረተሰብ መሰረታዊ እዩ። ምንባብ ከም ባህሊ ኣብ ዝሰረጸሉ እዋን ሓፈሻዊ ንቕሓት እናሰነመ ስለ ዝኸይድ፡ ኣተሓሳስባ ድማ ርትዓዊ እናኾነ ይኸይድ። ምዕሩይን ሚዛናውን ኣተሓሳስባ ምውናን ከኣ ንገራት ብህድኣትን ብስለትን ኣብ ምርኣይ ስለ ዝሕግዝ፡ ብሉጻት ሰባት ኣብ ምፍጣር ዓቢ እጃም ይጻወት።

መንታውነት፡ ካብ ሰምዒታዊ ኣጠማምታን ባዕላዊ ትንተናን ናጻ ብምዃን ወድዓዊ ኣጠማምታ ምምዕባል እዩ። ሰምዒታዊ ኣረኣእያ ንገራት ካብ ወድዓውነት ምርኣይ ስለ ዝሕርም፡ ዘይበሰል ኣጠማምታን ግጉይ ውሳኔታትን የኸትል። ልምዲ ንባብ ምህላው ግን ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተጠቐሰ ጸገማት ኣብ ምክልኻል የኽእል። ኣብ ምንባብ ዝእከብ ብርኽት ዝበለ ፍልጠትን ዝጥረ ዲስፕሊንን ከኣ ናይ ህይወት ዕላማታት ኣብ ምህራም ዓቢ ተራ ኣለዎ።

ባዕላዊ ትንተና ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ዘይኮነ ኣብ ርእሰኻ ትሃንጾ ኣጠማምታ'ዩ ዝውክል። እዚ ዘስዕቦ ማዕዘ ከኣ ብዙሕ እዩ። በዚ ዝተጸልወ ኩነት ኣእምሮ፡ ካብ ሓቅን ርትዕን ዝረሓቐ ብምዃኑ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ሰብኣ ብዙሕ ጸገማት'ዩ ዘስዕብ። ዝ ኣብ ምቕራፍ፡ ካብ ምንባብ ዝርከብ ፍልጠት ሓቀኛ ኣመለኻኽታ ክተዕቢ ስለ ዘኽእል ባህሊ

ንባብ ብምዕባይ፡ መንታውነትን ርትዓውነትን ዝዕብለሎ ህይወት ክትሃንጽ ይገብር።

ፈጠራውነትን ተመራማሪ ኣእምሮን ክልተ ገጽት ናይ ሓደ ሳንቲም'የም። ፈጠራውነት ንምዕባይ፡ ኣብ ኣእምሮና ብርክት ዝበለ ሓሳባት ምህላዉ የድሊ። ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ ምንባብ፡ ብርክት ዝበሉ ሓሳባት ክንእክብ ስለ ዘኽእለና፡ ናይ ምፍጣር ዓቕምናን ተበላሓትነትናን ኣብ ምዕባይ ዕዙዝ ተራ ይጻወት። ብመልክዕ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮ ዝተኸዘነ ሓበሬታ ብዝዮጋጽእ ክንጥቀመሉ እንተ ክኢልና፡ ዕላማታትና ክንወቕዕ የኽእለና።

ኣብ ኣፍራይ ክሊ ዕድመ ዝርከብ ሰራሕተኛ፡ ነቲ ብኣካዳሚያውን ሞያውን ስልጠናታት ዘኻዕቦ ፍልጠትን ተመኩሮን ብዝዮጋጽእ መንገዲ ምስ ዝጥቀመሉ፡ ኣብ ዝተዋፈረሉ ስራሕ ብሉጽ ይኸውን። ኣብ ስራሕ ዘይወዓለን ዘየበርከተን ፍልጠትን ተመኩሮን ከም ዝኾነ ሃብቲ ይቑጸር። ስለዚ፡ ኣብ ኩሉ ጽላታት ስራሕ ዝተዋፈረ ሰራሕተኛ፡ ፍልጠቱን ተመኩሮኡን ናብ ጬብጣ ፍርያት ናይ ምቕያር ሓላፍነት ኣለዎ።

ባህሊ ንባብ ንተመሃራይ ጥራይ ዘይኮነ ንሰራሕተኛ'ውን የገድሶ። ሰራሕተኛ፡ ምስቲ ዝጥፈሉ ሞያን ዓውዲን ዝተሓሓዘ ሓፈሻዊ ፍልጠት ንምርካብ፡ ልምዲ ንባብ ከማዕብል ሓላፍነት ኣለዎ። ካብ ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ ዝርከብ ፍልጠት ከኣ፡ ሰራሕተኛ ኣፍራይነን ሓላፍነታውን ክኸውን ሃናጺ ተራ ይጻወት። ብዘይካ'ዚ፡ ባህሊ ንባብ ነቲ ሰራሕተኛ ኣብ'ቲ ዝተመደበሉ ዕዮ፡ ኣመለኻኽታኡ ኣዕቢዩ፡ ጽፉፍ ስራሕን ብሉጽ ኣገልግሎትን ክህብ ይሕግዞ።

መንግስታውን ብሕታውን ትካላት፡ ኣብ ትሕቲኦን ዝለዉ ሰራሕተኛታት ዓቕሞምን ኣፍልጦኦምን ንምዚያድ፡ ስልጠናታት ምሃብ ብቐጻሊ ዝድፍኣሉ እዩ። ስልጠናታት ኣብ ምዕባይ ኣፍራይነት ሰራሕተኛ ዓቢ ተራ ስለ ዘለዎ። ምስዚ ብምትሕሓዙ ትካላት፡ ሰራሕተኛታተን ባህሊ ንባብ ንኸደንፍዑ፡ ዕቱብ ጠመተ ክዋህባን ክድረኻሉን ይግባእ።

ንኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፡ ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን፡ ኣባላቱ፡ ማዕረ ማዕረ'ቲ ብኣካዳምያውን ሞያውን ትምህርቲ ዘኻዕቡትዎ ፍልጠት፡ ባህሊ ንባብ ንኸዕብዩ ዝሕግዞም ሰሚናር ኣካዪዱ ነይሩ። እቲ "ምዕባይ ባህሊ ንባብ" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ብመምህር ራሄል ኣስገዶም ዝተዋህበ ኮይኑ፡ ንኣገዳስነት ባህሊ ንባብ ኣብ ቁልዑን ዓበይትን፡ ሜላታት ምዕባይ ባህሊ ንባብ፡ ጥቕምታት ባህሊ ንባብ፡ ባህሊ ንባብ ንምዕባይ ዝሕግዙ




መም/ ራሄል ኣስገዶም

ረቛሒታት ወዘተ ዝበሉ ኣርእስትታት ብምልዓል ዝቐረበ'ዩ።

መምህር ራሄል ኣስገዶም፡ ንኸይነንብብ ዝዕንቅፉና ዝቐርቡ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከም ዘለዉ ጠቒሳ፡ ስእነት ምሕደራ ግዜ፡ ጉድለት ንቕሓት፡ ስእነት ልምዲ ንባብ፡ ንንባብ ዝኸውን ዓቕልን ዲስፕሊንን ዘይምህላው፡ ንባብ ጀሚርካ ምቕራጽን ሸለልትነትን፡ ብዓበኡ ድማ ጉድለት ባዕላዊ ተበግሶ ገለ ካብ'ቶም ብኣብነት ዝጥቀሱ ምኽንያም ኣብሪሃ።

ተራ ወለዲ ኣብ ምኽሳኽስ ባህሊ ንባብ መሰረት ምዃኑ ዝገለጸት መምህር ራሄል፡ ህጻናት ካብ መበኢታ ዓመታቶም ዝለምድዎ ባህሊ ንባብ፡ ምስኦም ዝዓብን ኣብ መጻኢ ህይወቶም ወሳኒ ግደ ዝጻወትን ስለ ዝኾነ፡ ወለዲ ብዕቱብ ጠሚቶም ክሰርሑሉን ደቆም ከተባብዑን ጸቒጣ ኣገንዚባ።

ምምስራት ክለብ ኣንበብቲ ኣብ ምዕባይ ባህሊ ንባብን ሓብራዊ ተመኩሮታት ኣብ ምልውዋጥን ኣገዳሲ ምዃኑ ወሲኻ ዘዘኻኸረት መምህር ራሄል፡ ባህሊ ንባብ ኣካል ዕለታዊ ህይወት ምስ ዝኸውን፡ ካብ ምሕያል ንቕሓትን ኣፍራይነትን ሰራሕተኛ ሓሊፉ፡ ኣብ ውልቃውን ማሕበራውን ህይወት ከይተረፈ ልዑል ረብሓ ስለ ዘለዎ፡ ትካላት ኣብ




ሰራሕተኛ ዓቢ ተራ ስለ ዘለዎ። ምስዚ ብምትሕሓዙ ትካላት፡ ሰራሕተኛታተን ባህሊ ንባብ ንኸደንፍዓ፡ ዕቱብ ጠመተ ክህባን ክድረኻሉን ይግባእ።

ሰራሕተኛታት ክለብ ኣንበብቲ ማስረተን ኣትኪሮ ክህባኦ ተላብያ።

እቲ ብልዑል ተሳትፎን ዘተን ኣባላት ተሰንዩ ንክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ ሰሚናር፡ ባህሊ ንባብ ኣብ ምዕባይ ጽቡቕ መድረኽ ምብህሃልን ምምኽኻርን ዝፈጠረ ብምንባሩ፡ ካልኣት ትካላት'ውን ባህሊ ንባብ ሰራሕተኛታተን ንምሕያል፡ ተመሳሳሊ ኣብነት ክወስዳ በዚ ኣጋጣሚ ዘኻኽር።

# ቃለ- መሕተት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ፈስቲቫል፡ ደምበ ስሒትን ሓድነትን ኤርትራውያን እዩ” ሸኽ መሓመድ ዓሊ

ስእሊ - ሄኖክ ዑ/ገርግሽ
ክብሮም ጸሃየ

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኸሎሚ ኣብ ዓምዲ ቃለ-መሕተት ምስ ሓደ ካብቶም ኣብ ሃገርና ኣብ ምምራሕ መደብ ዝጦፉ ኣብነታውያን መንእሰያት ኢና ክንዋግዕ፡፡*

**ሕቶ - ክንላለዮዶ?**

ፈለማ ዝ ዕድል ዝሃበ ሚ/ሪ ዜና ኣመስግን፡፡ ስመይ ሸኽ መሓመድ ዓሊ ይበሃል፡፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን መራሒ መደብ ናይ ያታዊት ጉጅለ ትልሂትን መዚቃን ዞባ ጋሽ ባርካ እየ፡፡

**ሕቶ - ብቐንዱ ናብ ጉጅለ ባህሊ ክትኣቱ ዝደረኸካ እንታይ እዩ ?**

ንድሕሪት ምልስ ኢልና ክዕልል እንተ ደኣ ኲይንና፡ ኣነ ኣብ ኣቘርደት እየ ተወሊደ ዓብየ፡፡ ኣብ'ታ ዝመሃረላ ዝነበርኩ ቤት ትምህርቲ ባርካ ርእሲ መማህር ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ መምህር ዓብደላ ዑመር ከራሚ ዝበሃል ነይሩ፡፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ዩንቨርስቲ ጥቕዳድ ብስነጥበበ ተማሂሮም ዝመጽኡ ኤርትራውያን ዝነበሩ ግዱስ መምህር እዩ፡፡ ኣብ ዓዱ ከገልግል ደቂ ዓዱ ክምህር ዝመጽአ ዜጋ እዩ፡፡ ኣብ ስነጥበበ ብፍላይ ከኣ ኣብ ግጥሚ ፍሉይ ክእለት ዝነበሮ ጸላዊ መምህር እዩ፡፡ ንሱ ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ፡ ብፍላይ ኣብ መወዳእታ ምዕጻው ናይ'ቲ እንመሃረሉ ዝነበርና ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ዜማታት፡ ግጥምታት፡ ድራማታት ... እናደረሰ ናብ ህዝብን ተመሃሮን የቕርብ ነይሩ፡፡ ሕጂ እቲ ንሱ ዝሃቦ ዝነበረ ብቕዓት ናይ ኣገባብ ኣዝዩ ኣብ ስምዒት ዘሕዱን ዘጥሕልን ስለ ዝነበረ፡ ካብ'ዚ እዋን እዚ ንደሓር ኣብ ሓንጎለይ ሓደ ሓሳብ ክመላለሰኒ ጀሚሩ፡፡ “ከም'ዚ መምህር'ዚ ክኸውን ኣለኒ” ዝብል ነዋሪ ባህጊ ሓሳበይ፡፡ ብኸም'ዚ ድማ ኣብ'ቲ ዝመሃረሉ ዝነበርኩ ኣብያተ ትምህርቲ ብቛንቋ ትግረ ከም ተዋሳኣይ፡ ገጣሚ ኮይነ ክዋጥፍ ጀሚረ፡፡ ከምኡ እናበልኩ ድማ ኣብ ጉዕዞ ስነጥበብ ዓለም ክላለ ጀሚረ፡፡ ይዝከረኒ ኣብ 1997 ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡና ኣብ ስነጥበብ ንጡፍ መንእሰያት ናብ ኣስመራ ኮርስ ናይ ስነጥበብ ክንወስድ መጺእና፡፡ ደሓር እቲ ትምህርቲ ግን ኣብ ከተማ ከረን ኢና ወሲድናዮ፡፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ባህላዊ ጉዳያት ሚ/ሪ ትምህርቲ ዝነበረ ዓቢ መምህርን ስነጥበበኛን ስለሙን ጸጋዮ ድማ ምሂሩና፡፡ ኣዝዩ መሳጢ ዝኸውነ ትምህርቲ ተዋሂቡና፡፡ ይዝከረኒ ከም ብዓል ጀሬ ሚሪ ዝበሃሉ..ካብ ደገ ዝመጽኡ ጸዓዱ መማህራን ናይ ስነጥበብ እውን ነይሮም፡፡ እቲ ኮርስ ካብ ዝዛዘ እዮም፡፡ እቲ ትምህርቲ ድሕሪ ምዝዛምና፡ ናብ ብዓል ከበቢ ከረን፡ ሓጋዝ፡ ኣቘርደት፡ ደፍዓት፡ ናቕፋን ኣፍዓበትን... ዝኣመሰለ ቦታታት ዑደት ብምክያድ መዘናግዒ ናይ'ቲ ኮርስ ኲይንና፡፡ ብኸምዚታት ተጸልየ እየ ናብ ህይወት ስነጥበብ ዓለም ክኣቱ ክኢለ ክበልካ እኽእል፡፡

**ሕቶ - መዓስ ኢኻ ናብ መደበር ታዕሊም ሳዋ ኣቕኒዕካ? ብድሕሪኡ'ኸ ህይወት ስነጥበብ ከመይ ቀጺሉ?**

ኣነ ምስ 2ይ ዙር እየ ሃገራዊ ኣገልግሎተይ ፈጺመ ናብ ኣቘርደት ተመሊሰ፡ ኣብ 1998 ወራር ወያነ ስለ ዝጀመረ ግን ልኡላውነት ሃገር ከኽብርን ከድሕንን ክተት ኲይንና፡ ከም ሰበይ ድማ ናብ ደፍዓትን ወሰናስንን ጾባትና ተገዲፍም ኲይንና፡ ብድሕሪ'ዚ እቲ ዝነበረኒ ናይ ስነጥበብ ሕልሚ ተኸሊፉ፡፡

**- ቀጺል**

ኣብ ሰራዊት ምስ ከደኩ'ውን እቲ ናይ ስነጥበብ ወኒ ክገድፈኒ ኣይከኣለን፡ ኣብ'ቲ ብደረጃ ቦጦሎኒ፡ ብርጌድ ኣብ ግዜ ዕረፍትን ተዛዘን ዝግበር ዝነበረ ናይ ምዝንጋዕ መደባት ሰራዊት ክሳተፍ ጀሚረ፡፡ ብድሕሪ'ዚ ጉጅለ ባህሊታት ይቛወም ስለ ዝነበረ፡ ከይጸናሕና ካብ ቦጦሎኒ፡ ብርጌድ እናበልና ብደረጃ ክ/ሰ ክንቀውም ክኢልና፡፡ ብፍላይ ኣብ'ቲ ዳሕራይ፡ እቲ ወራር ምስ ሃደአ፡ ኣብ ከባቢ መንደፈራ ስለ ዝመጻእና ምስ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኲይንና፡ ዓበይቲ መደባትና ኣካይድ ነይርና ኢና፡፡ ኣነ ድማ ብቛንቋ ዓረብን ትግረን መደብ ይመርሕ ነይረ፡፡

**ሕቶ - ብድሕሪኡ'ኸ?**

ብድሕሪ'ዚ ብጥንካር ደረጃ ምቛም ስርሒታት ጉጅለ ባህልታት ምስ መጽኡ፡ ምስ ኣዝዮም ስሙያት ዝኾኑ ስነጥበበኛታት ሃገርና፡ ከም መራሒ መደብ ብምሃኳን ናብ'ቲ ጉጅለ ተሳሒበ መጺአ፡፡ ብቛንቋታት ትግርኛ፡ ዓረብ፡ ትግረ ድማ መደባት ክመርሕን ከወሃሃድን ጀሚረ፡፡ ፍናን ሰራዊትን ህዝብን ክብ ንምባል ድማ ዝተፈላለዩ ምርኢታት ብምስራዕ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዑደት ብምግባር ባህላዊ ምርኢታት ካይድ ነይርና፡፡ ኣብ ሃገራዊ በዓላትና ድማ ብቐንዱ ዓበይቲ ምርኢታት ይካየድ ነይሩ፡፡ ኣብ ቅርዓት ኤክስፖ ዝእንገድ ሃገራዊ ፈስቲቫል ድማ ኩላትና ጉጅለ ባህሊ ስርሒታት ሚ/ሪ ምክልኻል፡ ካብ ሰዓት 9 ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ምርኢታት ንህዝቢ ካይድ ነይርና፡፡

**ሕቶ - ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ኣብ ፈቐዶ ድፍዓት፡ ገጠራትን ከተማታትን ምርኢት ኣብ ተካይዱሉ ህሞት፡ ካብ ተዓዘብቲ እትዕዘቦ ዝነበረ ፍሉይ ስምዒታት እንታይ ትዝክር?**

እቲ ምርኢት፡ ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ይፈላለ እዩ፡፡ ቃና ናይ'ቲ እተቕርቦ ትሕዝቶ ንባዕሉ ኣብ ሰራዊትን ህዝብን ናይ'ቲ ምርኢት ኾነቱ ኣገባብ ኣሎዎ፡፡ ኩሉ ኣብ'ቲ ምርኢት እነቕርቦ ዝነበርና ትሕዝቶታት፡ ዳርጋ ሃገራዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ኩይኑ፡ ንመንፈስን ወኒን ህዝብን ሰራዊትን ዘለዓዕል ዝነበረ እዩ፡፡ ኣብ መድረኽ ምስ ደየብካ ዘጋጥመካ ዘይንቡር ስምዒትን ጉድን እዩ፡፡ እዚ ከኣ ሓገሰን ሓያል ሃገራዊ ወኒን ዘንቀሎ እዩ፡፡ ገለ ኣብ'ቲ መድረኽ እንክለኻ ከይረኣኻዮ መጺኦም ይሓንቀቑን ይስዕሙኻን ይሕንግሩኻን ዘይንቡር ምንቅስቓስ ይገብሩ፡፡ ክንደይሞ ክትብሎ ኢኻ! ኣዝዩ ብዙሕ እዩ፡፡ ንኣብነት ይዝከረኒ ኣብ ሓሸፈራይ ናይ ኣሃዱታት መመረቕታ ስለ ዝነበረ፡ ምርኢት ክንገብር ስርሒት 3 መጺእና፡፡ ኣብ መድረኽ ተሰቒለ “እምበኣርከስ ጉጅለና ከምዚን ከምዝን ዝኣመሰለ ሃገራዊ ደርፍታት ሓቝፉ ሰጉም እናበለት ክትመጽእ እያ ምስ በልኩ፡ በዚ መጺኡ ዘይብልኩምም እዚ ኩሉ ፓራ ኮማንዶ ዝተዓለመ ሰራዊት እናተጎማጠለ ናብ መድረኽ ደዪቡና፡፡ ካልእ ብፍሉይ ዝዝከራ ዘይረስዓ፡ ኣብ 2005 ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ኣብ'ዚ ኣብ ኤክስፖ ምርኢት ኣብ ንገብረሉ ዝነበርና፡ በዚ ስርሒት ኣርባዕተ ብዓል ዳዊት ሽላን፡ ቃልኣብ... ዝለውዎም፡ ምርኢት የቕርቡ ነይሮም፡፡ ንሕና ድማ ኣብ ማእከል፡ ስርሒት ዞባ ሓደ ድማ ከምኡ በቲ ካልእ ቦታ፡፡ ሕጂ ደምጻዊ ቴድሮስ ሓገስ ኑታ “እሩሩ” እትብል ደርፉ ክደርፍ ምስ ጀመረ፡ እቲ ህዝቢ ኑቲ ካልእ እስተጅ ጉዲፉ ብምሉኡ ግምጥል ብምባል ናባና ተናዕዩ መጺኡ፡፡ ምኽንያቱ፡ እቲ ዝድረፍ ደርፍታት ምስ ደሙ ምትሕሓዝ ዘለዎ እንተ ደኣ ኲይኑ፡ ህዝቢ ይኹን ሰራዊት ብፍጹም ኣይትሕዞን ኢኻ፡ ብሓፈሻ ንጽንዓትን ሓይልን ሓድነትን ጅግንነትን እቲ ህዝቢ፡ ሰራዊት፡ ሃገር ... ዝጠቅስ ፍሉይ ደርፍታት ኣብ ዝመጽኣሉ ዘጋጥመካ እዚ ክትብሎ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ካልእ ግዜ ኣስፊሓና ክንገልጾ ይሓይሽ መስለኒ፡፡

**ሕቶ - ብቕዓት ናይ'ቲ ሽዑ ዝቐርብ ዝነበረ ትሕዝቶታትን ናይቶም ምሳኹም ዝነበሩ ስነጥበበኛታትን ከመይ ትገልጾ? ጉጅለኹም ጉጅለ ባህሊ ዞባ ስርሒት 3፡ ንብዓል መን ዝጠርነፈት እያ ነይራ?**

ኣዝዮም ስሉጣት ዝኾኑ ስነጥበበኛታት እዮም ነይሮምና ክበልካ እኽእል እየ፡፡ ዳርጋ እቲ ዝበዝሐ ዝፈሪ ዝነበረ ስነጥበባዊ ፍርያት ከኣ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ናይቶም ስነጥበበኛታት ዝቐርብ ዝነበረ ሓደስቲ ሃገራዊ ደርፍታት እዩ ነይሩ፡፡ ብቑዕን ክሳብ ሕጂ ተዘኪሮን ዝኾነ ስራሕ ተዓሚሙ እዩ፡፡

ገለ ካብቶም ዞባ ስርሒት 3 ጠርኒፉቶም ዝነበረት ደምጻውያን ንምጥቃስ፡ ካብ ደረፍቲ ከም ብዓል ቴድሮስ ሓገስ (እሩሩ)፡ የሴፍ ተኽለይ (40) ፡ መሓመድ ኢብራሂም ሓጃጅ፡ ጆሴ ወዲ ከረን፡ ኢጋር፡ ሳልም ጃብር፡ ሊሽንግስተን፡ ሚናስ በላይ፡ መዚቀኛታት ድማ ከም ብዓል ኢያብርቶ፡ ኣቶብርሃን ዑቕባልደት፡ ማቴዎስ ሓይልኣብ፡ ወዘተ. እዝከር፡፡

**ሕቶ - መዓስ ኢኻ ጠቕሊልካ ካብ ጉጅለ ባህሊ ሚ/ሪ ምክልኻል ናብ ያታዊት ጉጅለ ባህልን መዚቃን ትልሂትን ዞባታት ከይድካ?**

እቲ ግዜ ኣብ 2010 እዩ ነይሩ፡፡ ካብ'ዚ እዋን እዚ ንደሓር ወከል መንእሰያት ኣብ ን/ዞባ ሰልዓ ከበቢ ጣህራ ኲይነ ሰሪሐ፡፡ ብምቕጻል ወከል ሃይማኖታዊ ጉዳያት ኣውቃፍ ኲይነ'ውን ነጢፈ፡፡ ብድሕሪ'ዚ፡ ኣኪያዲ ስራሕ ኣብ ምምሕዳር ከበቢ ጣህራ ኲይነ'ውን ሰሪሐ፡ ክሳብ ሕጂ'ውን ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከበቢ ጣህራ ኣብ ን/ዞባ ሰልዓ እየ ዘለኹ፡፡ ስለ'ዚ ምስ'ቲ ዝበረኒ ናይ ባህሊ ስምዒትን ወኒን ክዕገተለይን ክዕገስን ስለ ዘይከኣለ፡ ግጥምታትን ሓጻርቲ ዛንታታትን ብዓረብን ትግረን ክጽሕፍን ክዕጥፈሉን ጀሚረ፡፡ እቲ ከወንዘፎ ዝሓሰብኩዎ ስነጥበብ ድማ እንደገና ተመሊሰዮ፡፡ ከም ብሓድሽ ንስነጥበብ ጀሚረዮ፡፡ ብፍላይ ካብ 2017 ንደሓር ከም መራሒ መደብ ያታዊት ጉጅለ ባህሊን መዚቃን ትልሂትን ዞባ ዓንሰባ ኲይነ ክዕጥፍ ጀሚረ፡፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት ድማ ክሳብ እዛ ዘለናያ ግዜ መራሒ መደብ ናይ ያታዊት ጉጅለ ባህልን መዚቃን ትልሂትን ዞባ ጋሽ ባርካ ኲይነ እዕጥፍ ኣለኹ፡፡





**ሕቶ - ናብ'ዛ ያታዊት ጉጅለ ባህሊ ኽትጽንበር ዝደረኸካ እንታይ እዩ?**

እዛ ያታዊት ጉጅለ ባህሊ ዓመት መጸኡ ኣብ ግዜ ክራማት ኣብ ኤክስፖ ዝካየድ ፈስቲቫል ህዝቢ ኤርትራ እያ ትሳተፍ፡፡ ከም ንፈልጦ ፈስቲቫል ሕብረ-ጁጋታት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ እተሰተማቕረሉ ቦታ እዩ፡፡ ሓድሕድ ያታን ባህልን ልምድን ወግዕን ከም ተመኩሮ እትፈልጠሉን እትለዋወጠሉን መድረኽ እዩ፡፡ ብፍላይ ንኣሽቱ ወለዶ ክብርታትና ዝመሃሩሉን ዝወርሱሉን ቦታን ኣጋጣሚን እዩ፡፡ ብዓብዩኡ ከኣ ደምበ ፍቕርን ስኒትን ኤርትራውያን እዩ፡፡ ጉጅለ ባህሊ ያታ ንኽብርታትና እናውረሰ ዝዕቅብ ስለ ዝኾነ እየ ናብኡ ከላግስ መሪጸ፡፡

**ሕቶ መራሒ መደብ ኩይንካ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ከምኡ ከኣ ካብ ቅድሚ 9 ዓመት ጀሚርካ ኣብ ያታዊት ጉጅለ ባህሊ ትነጥፍ ኣለኻሞ፡ መራሒ መደብ ንኽትከውን ዝደረኸካ ምኽንያት እንታይ እዩ ትብል?**

ምምራሕ መደብ ጥበብ ዝሓትት ዓቢ ሞያ እዩ፡፡ ካብ ብንእሽቶኻ ምሳኻ ዝፍጠር ንሽኻ ዘይትፈልጦ ተውህቦ ረቢ እዩ፡፡ ብትግረ እንታይ ዝብል ምስላ ኣሎ ይመስለኒ፡ “ብዓል ኣመል ኣመሉ ኢሉሓድግ፡ ወ ደብር ኣካኑ” እዚ ማለት “ብዓል ኣመል ኣመሉ ኣይገድፍን፡ ጎቦ ከኣ ቦታኡ ሓዲጉ ኣይንቀሳቐስን” ዝብል እዩ፡፡ እዚ ስለዝኾኑ ኣነ ካብ ብቑልዓይ እየ ኣብ መኣዲ ስነጥበብ ክሳተፍ ጀሚረ፡፡ ስምዒት ስለ ዝነበረኒ ከኣ “ናይ ግድን ኣብ ዝለዓለ ክበጽሓሉ ኣለኒ” ኢለ ስለ ዝሓሰብ ዝነበርኩ ተቓሊሰሉ ኣብኡ ድማ ኣለኹ፡፡ ሕልሚ ናተይ እዩ ነይሩ፡፡ እምበር ስድራይ ኩሎም ናይ ረቢ ሰባት እዮም፡፡ ናይ ቁርኣን ስድራ እዮም፡፡ ኣነ'ውን ንባዕለይ ክብርታት ክልቲኡ ሃይማኖታትና እፈልጦ እየ፡፡ መጽሓፍ ቁርኣንን መጽሓፍ ቅዱስን እፈልጦም እየ፡፡ እዚ ከኣ ንኽብሪ ባህልናን ሃይማኖትናን ዘንጸባርቕ ስለዝኾነ ከም ወርሻ ንመንእሰያት ከመሓላልፈሉም ግዴታና ይመስለኒ፡፡ ብሓጺሩ መራሒ መደብ ክኸውን ዝደረኸኒ ግን ሕልምን ስምዒት ውሽጠይን እዩ፡፡



ይቕጽል...

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ውዕል ኣገልግሎት ምብዛሕን ሕትመትን (coping & printing) ጽሑፋት ንትመሃሮን ካብ 01/ጥቅምቲ/2025 ክሳብ 31/ነሓሰ/2027
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ካብ 01/መስከረም/2025 ክሳብ 31/ነሓሰ/2026 ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኮለጅ ጽሑፋት ናይ ምብዛሕን ሕትመትን (coping & printing) ኣገልግሎት ክግዛእ ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፣ ንሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ምብዛሕን ሕትመትን (coping & printing) ጽሑፋት ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣገልግሎት ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፣ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣገልግሎት ዘካይዱ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፣ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፣ ቅዳሕ መንነት ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፣ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፣ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል፣ ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ።
5. ተጫረትቲ፣ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፣ ኣብ መበል 20 መዓልቲ (ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዘይኮውን ድሕሪ መበል 20 መዓልቲ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕለት) ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፣ ሕጋውያን ወኪልቲ፣ ሰራሕተኛታት ወይ ኣኻፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ፣ ኣብ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ይኽፈት። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን።
7. ንመኸበሪ ጨረታ ዝኸውን 20,000 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ ) ብ (C.P.O) ኣትሒዞም የቕርቡ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፣ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖለጅን ማይ-ነፍሒ
ቁ.ሳ.ፖስታ 344 ኣስመራ
ቁጽሪ ስልኪ 08202691/08371122

ኣነ ምሕረት ገብረመድህን ኣድሓኖም፣ ኣብ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ከባቢ ኣልጌን ፕሎት 84 ፓርሰል N ዚፕ-ኮድ 1A754 ጉደና ኣቦ ቁጽሪ ገዛ 48 ዝርከብ ጠቕላላ ስፍሓቱ 98.62 ት/ሜ ዝኾነ 3 ቀንዲ ክፍልታት 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘጠቓልል፣ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM012255/0 ብዕለት 25/02/2025 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ብውህብቶ ንጓለይ ወ/ሮ ሓጀር እስቲፋኖስ ተስፋ ስለዝሃብክዋ፣ ስም ዋንነት ናብ ስም ወሃብቶ ተቐባሊት ጓለይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ምሕረት ገብረመድህን ኣድሓኖም

ንሕና ወረስቲ ኣፍ/ሃር ኪዳነ ተስፋ ብርሃ ዝኾንና፣ ወ/ሮ ጉዕይ ሮኽረ ገብረታትዮስ፣ ኣልጋሽ ኪዳኔ፣ ሰዩም ኪዳኔ፣ ኣፍ/ራት ኣብርሃት ኪዳነን ተተካኢቲ ደቃ ኤሽን ኤፍሬም፣ የሳን ኤፍሬም፣ ሄኖስ ኤፍሬም፣ ሲኖዳ ኤፍሬምን፣ ኣብ ኣስመራ፣ ን/ዞባ ገጀረት፣ ጎደና 953-9፣ ቁ ገዛ 8፣ ፕሎት 10፣ ፓርሰል G፣ ስፍሓት መሬት 126 ት/ሜ፣ ብየዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 107334 ብመወከሲ ቁ/121223 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ዝረኸብናዮ፣ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ብመንገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ጉዕይ ሮኽረ ገብረታትዮስ

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (በርበረ፣ ቀመም በርበረን፣ ጨውን)
ዓዳጊ፦ ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ)
ኣርእስቲ ውዕሊ፦ (ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ንቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ) ንዓመተ ትምህርቲ 2026 ንተመሃሮ ዝውዕል በርበረ፣ ቀመም በርበረን፣ ጨውን ክግዛእ ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1.ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ) ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ በርበረን ቀመም በርበረን ጨውን ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት'ዩ።
3. ተጫረትቲ፣ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን መንነትን ናይ ዓመተ 2024 ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ክሊራንስን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ማእከል ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨ/ሓ/ ኣገልግሎት ዕድግን ኣብ ቁጽሪ 20 ወይ ብቑ.ቴሌ 200593 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፣ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ክሳብ ዕለት 28/10/2025 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፣ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰባት፣ ሰራሕተኛታት ወይ ኣኻፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ሚኒስትሪ ትምህርቲ (ጨ/ሓ/ኣገ/ዕድግን) ዕለት 28/10/2025 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፣ ብመኽበሪ ጨረታ CPO 20,000.00 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ትሕጃ (CPO) ክሰንድ ኣለዎ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ጨንፈር ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ) ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፣ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ
(ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ)
ቴሌፎን 200593

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of **DAHLAK TOURING AGENCY PLCo.** in their extra-ordinary Meeting held on **18TH August, 2025.** Resolved that: -

1. The capital of the company is decreased from Nakfa 6,200,000.00 to Nakfa 3,720,000.00 by deducting the value of one share from Nakfa 1,000.00 to Nakfa 600.00.

2. The share capital contributed respective shares of the shareholders and from the total capital of Nakfa 6,200,000.00 be and are amended reflect the respective new per value of share Nakfa 600.00, and decreased to a total capital to Nakfa 3,720,000.00 be updated.

3. ATO SELEMON MENGSTEAB MISGNA is appointed as manager of the company.

4. The updated number of shares and value in Nakfa contributed by the shareholders of the company are now:-

| Name | Address | No of Shares | T/Value Nakfa |
|---|---|---|---|
| 1. Yemane Estifanos | Asmara | 3600 | 2,160,000.00 |
| 2. We/ro Azieb Ghirmazion | Asmara | 2400 | 1,440,000.00 |
| 3. We/ro Semira Yemane | Asmara | 200 | 120,000.00 |
| | **Total** | **6200** | **3,720,000.00** |

**DAHLAK TOURING AGENCY PRIVATE LIMITED COMPANY**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/በ/ማሳል ኣቶ ብርሃ ተኸሰሃይማኖት፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኣልማዝ መንግስትኣብ ዑቕባዝጊ፡ ናይ መኪና ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ፈጽሚ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 9ይ መጋበኢያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

የናስ ተወልደ መዓሾ፡ ኣቦይ ተወልደ መዓሾ ተኽሉ፡ ኣደይ ሻሹ ዘራጼን ወልደጊብርኤል ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ህልዋት ኣሕዋተይ 2 መውትቲ ተተኪእተ፡ 3 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋበኢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ቅሳት ረድኢ ዳዊት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም በረኸት ተምጥሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ናኢስ መሓመድ ኑር ምባል ተረፉ፡ ናኢስ መሓመድኑር ዓብደልዋሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ከሎ/ተሰፋይ መተሃን መብራህቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሉእብርሃን ለገሰ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ገዛ ምልቃቕ ስለዘሎ፡ ን4/11/25 2ይ መጋበኢያ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ ሚካኤል ፍስሃየ ተሰፋይ፡ ሓፍተይ ሮማ ፍስሃየ ተሰፋይ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ሓደ ሓዋ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ፈሽን ግርማይ የሃንስ፡ ወ/ሮ ብርኽቲ ገብረመስቀል ተኸለጻዮን፡ ብዕለት 03/10/2025 ዓ.ም ነቲ ብስማ ዝተመርሐ ናይ ንግዲ ትካል ቤት ማስተን መግብን ልቸንሳ ብቁጽሪ ንግዲ ፍቓድ ደኢምኤል 00012031 ዝኾነ ብወህቡቶ ስለዝሃበትኒ፡ እዚ ዝተገብረለይ ወህቡቶ ልቸንሳ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መድሃኔ ክፍለ ገሉ፡ ኣቦይ ክፍለ ገለ ተወልደመድህን ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ብርኽቲ ኣረፋይ፡ ተኸሳሲ ክፍሎም ታረቀ ተጻቡ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ዓብደልቃድር ናስራይ በሽር ምባል ተረፉ፡ ዓብዱ ናስራይ በሽር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስራት ኣሕፈርም ምባል ተረፉ፡ ሓበን ኣሕፈርም የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ግርማይ ገብሩ በርሀ፡ ወ/ሮ ሙሉ በርሀ ወልዳይ፡ ወድና ፍጹም ግርማይ ገብሩ ስለዝተሰውኣ፡ ንሕና ወለዱ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሞገስ ገብርኣብ ወልዱ፡ ወላዲና ገብርኣብ ወልዱ ወልደሃይማኖት ስለዝዐረፈ፡ ንሕና ወ/ሮ ኣብርሀት ወልደሚካኤል ተድላ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወለ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ደማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳሮን ሰለሙን ገ/ልኡል፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ታደሰ ፍስሃጼን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ልያ ፍስሃየ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋጋብር ካሕሳይ ወልደጋብር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣርሴማ ክፍሎም ግርማይ ምባል ተረፉ፡ ቤትኤል ክፍሎም ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳይሞን ገብርሂወት ክብርኣብ ምባል ተረፉ፡ ገብረመስቀል ገብርሂወት ክብርኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሓመድ መሓመድ ኑር እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ሓምድ ማሕሙድ ኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ምምሕዳር ከባቢ ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 674 ፡ ቁጽሪ ገዛ 65 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 106054 ፕሎት 65 ስፍሓት መሬት 161.60 ት/ሜትር 4 ቀንዲ ክፍልታትን 2፡ ተሓጋገዝትን ዘለዎ፡ ካብ ነ/ሄር ለተብርሃን ባልዋይ ዓንደጻዮን፡ ነፍ/ሄራት ለተኪዳን ተስፋጋብር በራኺ ዝዓደጎቶ ገዛ፡ ንሕና ወረስቲ ነፍ/ሄር ለተኪዳን ተስፋጋብር በራኺ ናብ ስምና ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተ ዘይቀረቡ ግን ብዘሎ ሰነዳት ገደርና ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ነፍልጥ፡፡

ተወካሊት ወረስቲ ኣቶ ተስፋት እምባየ +3

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ምምሕ/ጸጸራት ዞባ 5 ምም/ 01 ጎደና 183-1 ሰፈት ቁ.ገዛ 1 ቁ/ሎታ 130 ቁ/ፓርቸላ F ዝርከብ ካብ ኮምሽን ኣባይቲ ኤርትራ ብቁጽሪ ምስክር 122021 መወከሲ ቁ.116749 ተመዝጊቡ ዋንኑ ናይ ዝተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ናይ ዋንነት መረጋገጺ ሰድ ሊብሬቶ ስለዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝዘበለ እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07111365 ክሕብረኒ፡ እንተዘየሎ ሙተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ኣልመደም ወልደጊዮርጊስ

---

ኣቶ ዓብደላ ጃዕፈር ከኪያ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መሸጢ መጋዝን ኣቕሑን ስፉይ ክዳውንትን ንግዳዊ ትካሎም፡ "መንደር ቡቲክ" (MENDER BOUTIQUE) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ብስም ነፍ/ራት ኣብረሀት ተስፋይ ሃብቱን ነፍ/ር ክፍለየሱስ ወልደጊብርኤልን፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 103950 መወከሲ ቁ.104820 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ምም/03 ጎደና 'መ' ቁጽሪ ገዛ 13 ቁጽሪ ሎታ 4 ቁጽሪ ፓርቸላ C ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሲ ናብ ስምና ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከም ንፍጽም ምዃንና እሕብር፡፡

ኣቶ ሞኣዘዚ ክፍለየሱስ ወልደጊብርኤል

---

ብስም ነፍ/ራት ኣብረሀት ተስፋይ ሃብቱን ነፍ/ር ክፍለየሱስ ወልደጊብርኤልን ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 101263 መወከሲ ቁ.104901ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/01 ጎደና 'ግብየ' ቁጽሪ ገዛ 38 ሎታ18 ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሲ ናብ ስምና ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከም ንፍጽም ምዃንና እሕብር፡፡

ኣቶ ሞኣዘዚ ክፍለየሱስ ወልደጊብርኤል

---

ብስም ነፍ/ራት ኣብረሀት ተስፋይ ሃብቱን ነፍ/ር ክፍለየሱስ ወልደጊብርኤልም፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 101265 መወከሲ ቁ.104822 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምም/08 ጎደና-ቁጽሪ ገዛ 27 ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሲ ናብ ስምና ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከም ንፍጽም ምዃንና እሕብር፡፡

ኣቶ ሞኣዘዚ ክፍለየሱስ ወልደጊብርኤል

---

ብስም ነፍ/ራት ኣብረሀት ተስፋይ ሃብቱን ነፍ/ር ክፍለየሱስ ወልደጊብርኤልን፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 101264 መወከሲ ቁ.104821 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/06 ጎደና 'መ' ቁጽሪ ገዛ 22 ቁጽሪ ሎታ 1 ቁጽሪ ፓርቸላ E ቁጽሪ ፓርቸላ F ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሲ ናብ ስምና ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከም ንፍጽም ምዃንና እሕብር፡፡

ኣቶ ሞኣዘዚ ክፍለየሱስ ወልደጊብርኤል

---

ብስም ርእሶም ገብረማርያም ተኽለሃይማኖት ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00027204 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ኢድራባ ቁ.ገዛ 07 ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንኣቶ በረኸት መሓረ ባህልቢ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ኢድራባ ቁ.ገዛ - ካብ ዕለት 01/07/2025 ክሳብ ዕለት 31/06/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ርእሶም ገብረማርያም ተኽለሃይማኖት

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

15 ክፋል

## ዕላማ ህይወት

"ኣብ ህይወት እቲ ቐንዲ ቍምነገር፡ ንብድሆታት ምቕባል እዩ። ዝኾነ ሰብ ሓንሳእ ነዚ እንተ ኣቋሪጽዎ፡ ኦሮማይ ሞይቱ ማለት እዩ።" - **ቤቲ ደቪስ**

"ጽምዋ ከም ዘለካ ክስማዓካ የብሉን። መላእ ኣድማስ ኣብ ውሽጥኻ እዩ ዘሎ። ንእሽቶ ከም ዝኾንካ ከቶ ክስማዓካ የብሉን። ንስኻ ጽባቐ ምንቅስቓስ ዘለዎ ኣድማስ እኮ ኢኻ።" - **ሩሚ**

ርእሰ ፍቕሪ ምምዕባል ቀሊል ኣጕዳስነት ኣይኮነን ዘለዎ። ብዙሕ ግዜ ርእስና ጸቡቕ ምእንቲ ክስምዓና፡ ወሸጣውን ግዳማውን ዕዮ ክንገብር ይግባኣና። ከምኡ ምስ እንገብር፡ ንኽብርና ብዘየገድስ ክንርድኦ የኽእለና። ከም ወጻኢቱ ብዙሕ ግዜ ርእስና ጸቡቕ ይስምዓና ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ግዜ ርእስና ዝህልወና ፍቕሪ እውን ኣብ ጥርዙ ክበጽሕ ይኽእል።

ኑቲ ንግዜ ርእሱ ዘይፈሊ ሰብ፡ እንታይ ክትብሎ ትኽእል? ከመይ ጌርካኸ ንኻልኦት ክትፈልየሎም ትጸበዮ? ናይ ብሓቂ ርእሰ ሓልዮትን ርእሰ ፍቕርን ብዙሕ ኣብ ግዜ ርእሰኻ ወፍሪ ምግባር እዩ። ወፍሪ ክንብል እንከለና፡ ብዙሕ ኣብ ዕዳጋ ከይድካ ምሻማት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ብዙሕ ግዜ ርእስኻ ንምምዕባል እትቕስሞ ትምህርትን እተንብቦ መጽሓፍትን እዩ።

ገለ ሰባት ግዜ ርእሶም ንምምዕባል ዝበዝሐ ግዜኦም መጽሓፍቲ ኣብ ምንባብ ዘሕልፍዎ ኣለው። ብመንጽሩ፡ ገለ ሰባት ዋላ ንሓሙሽተ ደቓይቕ መጽሓፍ ከንብቡ እንተ ጀሚሮም፡ ብኡ ኣብሉ ድቃስ ዝወስዶም ኣለው።

ግዶ ሓቂ ብዙሕ ግዜ ርእስኻ ምሕላይን ግዜ ርእስኻ ምፍቃርን፡ ብሓደ መንገዲ ጥራይ ክትገልጾ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንዓኻ ዘዋጽኣካ ልዕሊ ኹሉ ሰብ ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ፡ የጕዳስ እናሓንነኸ ምኽሪ ለሞኻ ሰባት ምውሳስ እውን ኣይጽላኣን እዩ።

ብዙሕ ብኸመይ ሓድሽ ዝምድና ክትምስርት ከም ዘለካ ክትፈልጥ ደሊኻ እስከ ንበል፡ ብዙሕ ዝምድና ዝምልከቱ መጽሓፍቲ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። መጽሓፍ ምንባብ ዘይብሉ ለይትኻ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ እቲ ዓውዲ ፈላጣት ንዝኾኑ ሰባት ክተማኽር ትኽእል ኢኻ። ግና ዝበሉኻ ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል። ለሞኻ ክመኽሩኻ እንከለው፡ ኣብ ማሕበራዊ ደብዳርካ ቀንዲ ነጥብታት ምሓዝ እውን ኣገዳሲ እዩ። ከም ወጻኢቱ ብዙሕ ባህሪ ሓድሽ ዝምድና ዝያዳ ፍልጠት ንክተኻዕብት ዝያዳ ህንጡይ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

እዚ ስምዒት ህንጥየት፡ ዝያዳ መሰረት ንግዜ ርእስኻ ምፍቃር ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ኣብ ዕለታዊ መዝገብካ ኣድሚቕካን ኣሰፊሕካን ኣስፍር። ሓድሽ መሕለፊ ግዜ (hobby) ክትፈጥር ፈትን። ንእተፍቅሮ ነገር ክትሰርሕ እንከለኻ፡ ዝያዳ ኢኻ ንግዜ ርእስኻ እተፍቅሮ።

እቲ ኻልእ ንግዜ ርእስኻ ኣብ ምፍቃር ዝሕግዘካ፡ ካብ ሰባት ንዝቐርበልካ ናእዳታት (compliments) ብሰምቄት ምስትምቓር እዩ። ገሌና ሰባት ክንእዱና እንከለው፡ "ትሕሾ ደኣ!" እናበልና ሸለል ኢልና ኢና እንሓልፎ። "ትሕሾ ደኣ!" ምባል ጸገም የብሉን። ንምቕሉልነትካ ስለ ዘረጋግጸልካ እውን ጸቡቕ እዩ። እቲ ኑቲ ናእዳ ከየስተማቐርካዮ ዕሽሽ ምባል እዩ ዝጸላእ ዘሎ።

ንገለ ሰባት ንናእዳ ምስትምቓር፡ ምስ ትዕቢት ዝተኣሳሰር ኩይኑ ዝስምዖም ኣለው። ስክፍታ ኣይጽላእን እዩ። የጕዳስ ኣብ ቦታኡ ክኸውን እንከሎ እዩ ጸቡቕ።

"ትሕሾ ደኣ!" ምስ በልካ ኑቲ ዘውሃበልካ ናእዳ ብኡ ጌርካ ትርስዖ እንተ ኼንካ፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ እትሓኽረሉ ዕድል ዝዐበ እዩ ዝኸውን። ኣብ ክንድኡ ኑቲ ናእዳ ምስ ግዜ ርእስኻ ክተወህዶ ክትጽዕር እዩ ዘሎካ፡ ከም ዓቢ ፍናን ዝረኸብካ ጌርካ ኑቲ ዝተዋህበካ ናእዳ ተጠቐመሉ።

ንናእዳ ብዕቱብ ምቕባል ከም ልምዲ ክምዕብል ዘለዎ እዩ። ሎሚ ኣብ ዓለም ተቐዳዲሙ ዝቕፍ እምበር፡ ክንእድ ኢሉ ዝጠዐሰ ሰብ እናውሓደ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ኣዕናዊ ነቐፌታ ግዜ ርእስኻ ከተፍቅር ዘይኮኑ ምስ ግዜ ርእስኻ ክትጻላእ እዩ ዝገብረካ፡ ክንዲ ዝኾነ ኑቲ ሳሕቲ ጥራይ ዝርከብ ናእዳ ዓይንኻ ከይሓሰኻ ምቕባል ልቦና እዩ።

ንዝቐርበልካ ናእዳ ብዘየገድስ ተስተማቕር እንተ ኼንካ ንስኻ እውን ንዘየገብሉም ሰባት ኣብ ምንእድ በቓቕ ኣይትኸውንን ኢኻ። መብዛሕትኡ ሰብ ንናእዳ ምቕባል ብጥበእ ስለ ዘይርድኦ ንኻልኦት ሰባት ምንእድ ኣጕዳስነት ዘለዎ ኩይኑ ኣይስምዖን እዩ።

ናእዳ ምቕባል ኣብ ፈለማ ጸቡቕ ስምዒት ዘይፈጥር ክኸውን ይኽእል እዩ። ብድሕሪ ብዙሕ ምልምማድ ግዳ ንናእዳ ምቕባል ከም ንቡር ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ግዜ ርእስኻ ምፍቃር ዘለዎ እጃም ዝያዳ ምስ ተገንዘብካዮ እውን ንኻልኦት ክትሕግዞሉ ዘይትብህሉ ምኽንያት ክህሉ ኣይኽእልን እዩ።

ኣብ ገለ ሃገራት ናእዳ ክውሕዘሎም እንከሎ፡ 'የቐንየለይ' እናበሉ እዮም ኑቲ ናእዳ ንሓሳሉም ዝቕበልዎ። "ትሕሾ ደኣ!" ምባል ኣብኦም ልሙድ ኣይኮነን። ብፍላይ ኣብ እዚ ዘመን ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ዝኾነ ሰብ ንዓኻ ዝንእድ ጽሑፍ እንተ ኣቕሪቡ ወይ ቪድዮ እንተ ሰሪሑ፡ ከይተሰከፍካ ንኻልኦት ሰባት ከም ዝፍለጦ (share) ክትገብሮ ልሙድ እናኾነ እዩ ዝመጽእ ዘሎ።

ብዙሕ ግዜ ርእስኻ ከመይ ትሓሊ ማለት ንጸቡቕ ህላወኻ ዝሕግዝ ልምዲ ምህናጽ እዩ። ንግዜ ርእስኻ ወጥን ርእሰ ሓልዮት ከተውጽኣላ ትኽእል ኢኻ። እዚ ንኣካላዊ፡ ስምዒታውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ኣመና ጸቡቕ ኣበርክቶ ኣለዎ። ናይ ሓደ ሰብ ወጥን ርእሰ ሓልዮት፡ ኣብ ካልእ ሰብ ዘይከስርሕ ይኽእል እዩ። ክንዲ ዝኾነ ናትካ ወጥን ርእሰ ሓልዮት ምምዕባል ዝመስልዎ የለን።

ወጥን ርእሰ ሓልዮት ከተውጽእ እንከለኻ በየም ባህታ፡ ምዝናይ ከምኡ እውን ስምዒት ዕግበት ዝፈጥሩልካ ንጥፈታት እንተ ጀመርካ ተመራጺ እዩ። እዚ ካብ እቲ ንግሆ ተሰኢኻ ቀሊል ምውስዋስ ኣካላት ክሳብ ኣብ ፈጠራዊ ስነ ጥበብ ምስታፍ ዝዘርጋሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ እዚ መዳይ እዚ፡ ናይ ርእሰ ሓልዮት ዓውደ ኣዋርሕ ከተውጽእ ትኽእል ኢኻ። እዚ ንመንገዲ ርእሰ ሓልዮትካ ብኸመይ ቀዳምነት ከም እትሰርዓሉ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ኑየም ንኣእምሮኻን ኣካላትካን ኣብ ምምዕባል ዝሕግዙኻ ንጥፈታት መደብ ግዜ ኣውጽኣሎም። ንርእሰ ሓልዮትካ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከተእትዎ የብልካን።



## ምኹስኳስ ርእሰ ፍቕሪ

ምኹስኳስ ርእሰ ፍቕሪ ንምምዕባል ሓልዮትን ምርድዳእን ምስ ግዜ ርእስኻ ዘለዎ ዝምድና የጣትት። ንኣምር ርእሰ ሓልዮት ብሰምቄት ክንርድኦ ይግባእ። ንግዜ ርእስና ከቶ ክንንንየ ኣይግባእን። ከም እቲ ንኣባላት ስድራ ቤትናን ዓርከ መሓዙትናን ዝኾነ ብደሆ ኪጋጥሞም እንከሎ ንኸንሕግዞም ብትግሃት እንቀበሎ፡ ንግዜ ርእስና ኣብ ምሕጋዝ እውን ካብኡ ንላዕሊ ትግሃት እንተኾና ጌጋ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ከም እዚ ዓይነት ልምምድ ብፍላይ ኣብ እዋን ርእሱምጥርጣር፡ ፍሽለት ወይ ሕሰም እዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ጌጋ ከም ዝፍጽም ክንዘንግዖ ኣይግባእን። ንፍሲ ወከፍ ማሰናኸላት ከም ዘጥምዎ ክርደኣና ኣለዎ። ክትጋገን ማሰናኸል ኪጋጥመካን ባህርያዊ ኣካል ደቂ ሰብ እዩ።

ጸገማት ኪጋጥሙኻ እንከለው፡ ንግዜ ርእስኻ ካብ ምንቃፍን ምውቃስን ተቖጠብ። ብመንጽሩ፡ ንግዜ ርእስኻ ዘተባብዑን ምቹእ ዝፈጥሩን ቃላት ተጠቐም። ኣብ እዋን ጸገም ንዓኻ ዘድልዩኻ ሓገዝ ምስትውዓል እዩ።

ርእሰ ሓልዮት ዘለዎ ርእሱዝርርብ (self-talk) ተለማመድ። እዚ ብቐሊሉ ከተተግብሮ ትኽእል ኢኻ። ምኽንያቱ ኑየም ኣሉታውያን ሓሳባት ምብዛሕ እዩ ዝድልዩ። ኑቲ ኣሉታዊ ርእሱዝርርብ ብእወታውን ፈጠራውን ሓሳባት ምትካእ ምሓር ከቢድ ኣይኮነን።

ርእሰ ሓልዮት ምልክት ድኽመት ከም ዘይኮነ ዘክር። ርእሰ ሓልዮት ሓያል መሳርሒ ኣብ ምህናጽ ጽንዓት እዩ። ጸንዑ ዕርዲ ስምዒታዊ ጸቡቕ ህላወ እውን እዩ። ንግዜ ርእስኻ ብሓልዮትን ምስትውዓልን ብምሓዙ ንሱር ርእሰ ፍቕርኻ ዝያዳ ከተዕምቖ ትኽእል ኢኻ። ርእሰ ሓልዮት መሰረት ርእሱምቕባል እዩ።

ምስ ግዜ ርእስኻ እትዛረበሉ ኣገባብ ንርእሰ ኣስተብህሎኻ (self-perception) ከምኡ እውን ንኸሉ መዳያዊ ጸቡቕ ህላወኻ እምብዛ እዩ ዝጸልዎ። እወታዊ ርእሱዝርርብ ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ ብዕቱብ ምጥቃም፡ ሓያል ስትራተጂ ኣብ ምድንፋዕ ርእሰ ፍቕሪ እዩ። ንግዜ ርእስኻ ክብ ዘብሉ ቃላት ብንቕሓት ክትጥቀመሎም ኣሎካ፡ ንወሽጣዊ ዘተኻ ካልእ ቅርጺ ከተትሕዘን ዝያዳ እወታዊ ርእሰ ምስሊ ከተማዕብልን ትኽእል ኢኻ።

እዚ ንጉዳያት ርእሰ ነቐፌታ ወይ ኣሉታዊ ርእሰ ዘረባ ብምልላይ ክትጅምሮ ትኽእል ኢኻ። ልዕሊ ዓቕምን ንግዜ ርእስኻ ትቐጽዓ ወይ ትነቕፋ ከም ዘለኻ እንተ ተፈሊጡካ፡ ብኡ ንብኡ ኑቲ ሓሳብ በደሃዮ ወይ ደው ኣብሎ። ንኣሉታውያን ምሉኣት ሓሳባት ብእወታውያን ምሉኣት ሓሳባት ተክኣዮም። እቶም እወታውያን ምሉኣት ሓሳባት ንብልጫታትካ፡ ክእለትካ ከምኡ'ውን ንመፋጥርቲ (inherent) ክብርኻ ዘጉልሑ ክኾኑ ይግባእ።

ግዜ ርእስኻ፡ "ኣነ እዚ ከቶ ክሰርሖ ኣይክእልን እየ።" እናበለት ክትሓስብ እንተ ረኺብካያ፡ "ኣነ እኽእል እየ። በዚ ተመኩሮ ድማ፡ ክማሃርን ክዕቢን እኽእል እየ።" ብምባል ተቓወማ።

ንዓኻ ሓይሊ ክፈጥሩልካ ዝኽእሉ ምስ ሾቶኻ ዝሰነዩ ዝርዝር ናይ ግዜ ርእስኻ እወታውያን ምሉኣት ሓሳባት ኣብ ደብተርካ ኣስፍር። ኑየም እወታውያን ምሉኣት ሓሳባት ቀጻሊ ደጋግሞም። ብፍላይ ካብ እዋን ወጋሕታ ኣትሒዝካ ንገለ ሒደት ሰዓታት ብቓልካ ክትደጋግሞም እንከለኻ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ውሽጥኻ ክሰርጹ ይኽእሉ እዮም።

ብኸምዚ መንገዲ ብስሩዕ ልምምድ ምግባር፡ ንኣእምሮኻ ዝያዳ እወታውያን ሓሳባት ንኽስሕብ ዓቕሚ እዩ ዝፈጥረሉ። እዚ ኸኣ እወታዊ ዝንባለ ኣእምሮ ንኽህልወካ እምብዛ ሓጋዚ እዩ።

ብዘዋሳኺ፡ ንግዜ ርእስኻ ብእወታውያን ጸለውቲ ከም እትኸብብ ግበራ። እዞም እወታውያን ጸለውቲ ዝበሃሉ ዘለው፡ ሕያዎት ዓርኩመሓዙትካ፡ ኣነቓቓቒ ስነ ጽሑፍ ወይ ኣነቓቓቒ ቪድዮ ክኾውን ይኽእል እዩ። ምህናጽ እወታዊ ጓዳማዊ ኣከባቢ ንውሽጣዊ ዕዮ ምድንፋዕ እወታዊ ርእሱዝርርብ፡ ምብርባር ባህሊ ርእሰ ፍቕሪ ኣብ ሓሳባትካን ኣከባቢኻን ዓቢ እጃም እዩ ዘለዎ።

ኣብ ዓለም ልክዕ ከማኻ ሰብ የለን። ቀድሚ ሕጂ እውን ኣይነበረን። ብድሕሪ ሕጂ ክመጽእ እዩ ኢልካ ዝሕሰብ ከኣ ኣይኮነን። ንስኻ ብርቂ ፍጥረት ምዃንካ ፍሉይ ክብሪ ክስምዓካ ይግባእ። ንስኻ ብርቂ ምዃንካ ምልላይ ወይ ምፍላጥ፡ ግዜ ርእስኻ ንኸተፍቅር እምብዛ ሓያል ደራኺ እዩ።

ኣብ ዓለምና ግዜ ርእስኻ ንኸይተፍቅር ዝሕንክሉኻ ብርክት ዝበሉ ማሰናኸላት ከም ዘጋጥሙኻ ከም ርዱእ ክውሰድ ክኽእል ኣለዎ። ናትካ ግደ ክኸውን ዘለዎ እምብኣር፡ ነዞም ማሰናኸላት ብኸመይ ከም እትሰግሮም ምፍላጥ እዩ።

ገለ ሰባት ከይፈለጥኩ፡ ንስኻ ኪያኻ ምዃንካ ከረድኡኻ ዝህቅኑ ኣይሰኣኑን እዮም። ንስኻ ኪያኻ ከም ዘይኮንካ፡ ንኣየም ከተእምን ክቡር ግዜኻ ዘጥፍኣሉ ምኽንያት የብልካን። ካብኻ ዝደልዩ ንኣየም ዕሽሽ ኢልካ፡ ኣብ ዓለም ከተበርክቶ ዘኽእል ዕዮ ንምዕማም ሰንኻ ነቲሰካ ምስራሕ ጥራይ እዩ።

ዓወትካ እናጎልሐ ክመጽእ እንከሎ፡ ንስኻ ብርቂ ፍጥረት ምዃንካ ዝያዳ ትግንዘብ። ብእኡ መጠን ከኣ ዝያዳ ግዜ ርእስኻ ተፍቅር። እቶም ንፍሉይነትካ ዘይኣምኑልካ ዝበሩ፡ መልሓሶም ምስ ኣሐየኽኩዎም፡ ካልእ ተወሳኺ ዓወት ንኸተመዝግብ ዝያዳ ጸዓት እዩ ዝፈጥረልካ።

ነፍሲ ወከፍና ክንፈልጦ ዘለና፡ ንብልጫታትና፡ ኣመልና (quirks) ከምኡ'ውን ፍሉያት ባህርያትና (idiosyncrasies) ንኸለሊ እኹል ግዜ ክንምድብ ከም ዘለና እዩ። ካብ ካልኦት ሰባት ዝፈልዩና ብልጫታት ኣብ መዘናኸሪ ደብተርና እስከ ነስፍሮም። ገለ ካብ እቶም ዝርዝራት ተውህቦታትካ፡ ዝንባለታትካ ወይ እውን ፍሉያት ከርናዕ ኣመለኻኽታትካ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ክንዲ ንግዜ ርእስኻ ምስ ካልኦት ሰባት ምንጽጻር፡ ናትካ ፍሉይነት ንተማኮሮ ደቂ ሰብ ዕምቆትን ሃብትን ከም ዝወሰኸሉ ተገንዘብ። ክንዲ ዝኾኑ ኣብ ቅዲ መንብሮኻ፡ ፈጠራዊ ዕዮኻ፡ ምስ ሰባት ክትብጻሓል እንከለኻ … ንፍሉይነትካ ዘንጸባርቕ ክኸውን ተመራጺ እዩ።

"ኣብ ህይወት ሓደ ካብ እቶም ምሕር ዘሕርቑ ነገራት፡ ኣብ ክንዲ ንግዜ ርእስኻ እትመስል፡ ኑቲ ካልኦት ክትኮኖ ዝደልዩኻ ክትከውን ምህቃን እዩ።" - **ሻኖን ኣልደር**

"እቲ ንዓኻ ከም ነፍሲ ወከፍ ኣብ መላእ እዚ ኣድማስ ዘሎ ሰብ፡ ፍቕርን ፍትወትን ይግበኣካ እዩ።" - **ቡድሃ**



ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

*12 ሚያዝያ 2014*

ሓጋዝ - 00፡35 ቅ.ቐ.

*"ብጩራ ወጋሕታ ኣዕዋፍ ክዝምራ*

*ከም ትማል ከም ጽባሕ መዓልተይ ጀሚራ*

*ምንባር ንግሆ ንግሆ ምጅማር..." ኣ.ኣ.*

## 'ብምንባር፡ ንዘለካ ምፍቃር'



ንገለ ኣምራት ተንቲነ ክፈልጦ እንተ ክኢለ፡ ዝረኽቦ ሓቂ ይህሉ ይኸውን ኢለ'የ ሓሲበ። ኣብ መሓዙተይ፡ መማህርተይን ካልኦት እኩባት ፈለጥተይ ኣብ እንራኸበሉ፡ ብቐጻሊ እናሓተትኩ ክርድኦም እፍተን እየ። ፍቕሪ (ፍቕሪ ወድን ጓልን) ብብዙሕ ኣንጻር ዝኾኑ መግለጺታት ክውሃቦ ይነብር ኣሎ። "ፍቕሪ እንታይ እዩ፧" ኢለ ሓቲተ ነይረ። "ጽልኢ እንታይ'ዩ፧" እውን ኢለዮም። ዕላማ እንታይ እዩ፧ ኢለ ሓቲተ። ውሽጣዊ ሰላም፧ ትሕተ ውኖ ዝብሉዎ እንታይ'ዩ፧ መቸም ወዘተ ኢልካ ናብዚ ናይ ሎሚ ኣርእስተይ ምስጋር ይሓይሽ። ካብቶም ብዙሓት ውሑዳት ለባማት ከም ዝህሉው እፈልጥ እየ። ውሑዳት ከኣ ወረጃ ማዕዶ ኣይሰኣኑን።

ኣብዚ ቀረባ ግዜ ንኽትበልዕ ዲኻ ትነብር፡ ዋላስ ንኽትነብር ኢኻ ትበልዕ ዝብል ኣርእስቲ ኣምጺኡ ሓደ መሓዛና ኣካቲዕና። ሽዑ ሓደ ሕቶ ተላዒሉኒ። ምንባር ንባዕሉኸ እንታይ እዩ፧ ንበይነይ ብዙሕ ግዜ ሓሲበላ እየ። ንምንባር በየናይ ዓይኒ ክርእያ ሓሲበ። ሓሳበይ ዋጋ ስለ ዘይሃብኩዎ ሕቶይ ብማሓዙተይ እየ ጀሚረ።

ሓደ ካብ መሓዙትና ኣራም ዝብሃል ኣሎ። ዕሉል ደጋፊ ድምጻዊ ኣብርሃም ኣፈወርቂ እዩ። ኣከዳድናኡ፡ ኣቀማቕማኡ፡ ኣላጽያ ጭሕሙ ከይተረፈ ከም ናይ ኣብርሃም ክገብሮ'ዩ ዝቃለስ። ንኹሉ ጉዕዞ ታሪኽ ኣብርሃም ክፈልጦ ነዊሕ ጽዒሩ። ይውሓድ ይብዛሕ ምስ ፈለጦ፡ ሓደ ኢሉ ኣሰሩ ክስዕብ ጀሚሩ። ንገለና ጽላለ ኲይኑ ተሰሚዑና። እቶም ወርጺጽና እንብሃል፡ "ንኣብርሃም ዘይኩነ ብኣብርሃም ተደሪኽካ ነብስኻ ክትመስል ይሕሸካ፡" ኢልናዮ። ኣራም ግን "ብኹሉንትናይ ከም ኣብርሃም እንተ ኩይነ እንታይ'የ ዝኸስር፧ እስከ ንገሩኒ እንታይ'የ ዝኸስር፧ ንዓለም በቲ ኣብርሃም ዘርእያ ገይረ እንተ ርኣኹዋ እንታይ'የ ዝኸስር፧ ንህይወት በቲ ናይ ኣብርሃም ኣጠማምታ እንተ ጠመትኩዋኸ እንታይ'የ ዝኸስር፧ ከም ኣብርሃም ፈታዊ ትምህርትን መጽሓፍን እንተ ኲንኩ ኣንታይ'የ ዝኸስር፧ ዝኣረገን ዝነኣሰን ወዲ ዓድና 'ናይ መን ደርፌታት ክትሰምዕ ደስ ይብለካ፧' ኢልካ ምስ ሓተትካ፡ ንኣብርሃም ከይጠቐሰ ዝሓልፍ ዘጋጥሞም ሰብ ብኣጻብዕቲ ጥራይ ምተቘጽሩ። ገዛና ኣብርሃም ክብሉኒ ዝግብኦም ዝነበረ፡ ኣራም ኢሎም ምስ ጸውዑኒ'ዩ ኣምላኽ ተቘጢዑ ሕማቕ ድምጺ ሂቡኒ፡" ኢሉ'ዩ ኣፍና ዘትሕዘና። ኣብርሃም ዘጽንዖም ዓውድታት ምስ ፈለጦ፡ ኣብ ገዛኡ ጠቂዑ'ዩ ክትስእን ክድቅስን ዘርእየ። "ምንባር እንታይ'ዩ፧" ኢለ ምስ ሓተትኩ ከኣ ፍሽኽ ኢሉኒ።

*"ምንባር! ምንባር! ምንባር! ብዛዕባ ምንባር ክትፈልጢ ደሊኺ ሶፍያ!፧"* በለኒ። ሶፍያ ካብ መጽሓፍ ሶፍያ ዘጠመቑኒ ስም እያ። እንታይ ማለቶም ምዃኑ ፈሊጠዮም እየ። ኣነ'ውን ኣይጸላእኩዋን። "ካብ ሶፍያ ክትብሉኒ ግን ሶንያ በሉኒ፡" እብሎም ነይረ። "ሶንያ" ከኣ ኣብ መጽሓፍ 'CRIME AND PUNISHMENT' ናይ ፍዮዶር ዶስቲዮቪስኪ ዘላ ጠባይ'ያ። ልበይ እትው ካብ ዝበላኒ ጠባያት ናይ መጽሓፍቲ እያ። ኣብ ንራኸበላ ሕቶ ብሕቶ ምስ ገበርኩዎም ግን ሶፍያ ሰዒራ።

ኣራም ሞባይሉ ኣውጺኡ መስምዒ ኣብ እዝነይ ወቲፉ፡ "ንስኺ መልሲ ሕቶኺ ስምዒ፡ ንሕና ካልእ ሕቶ ከይጀመረት ካልእና ቀልጢፍና ነዕልል፡" ኢሉ 'ምንባር' እትብል ደርፌ ኣብርሃም ኣፈወርቂ ወልዓለይ። እዛ ደርፌ ሳሕቲ እሰምዓ እየ። ክንዲ ናይ ሎሚ ገይረ ኣስተማቒረያ ኣይፈልጥን። ናይ ኣብርሃም ደርፌታት ቀምነገር ኣይሰኣናን እኳ እንተኾነ ከምዚኣ ገይረ ግን ኣይፈተኹዎን። ንምንባር እንታይ ከም ዝበላ እንህልኪ፧

*ምንባር፡ ንግሆ ንግሆ ምጅማር!*

*ምንባር፡ ዕላማ ናይ ሓባር!*

*ምንባር፡ ከይረረብካ ምጽዋር!*

*ብምንባር፡ ንዘለካ ምፍቃር!*

*ምንባር፡ ተፈቲንካ ምንባር!*

*ምንባር፡ በሊሕካ ምንባር!*

*ምንባር፡ ሓያል ምዃን ጸዋር!*

*ምንባር፡ ሸውዓተ ግዜ ወዲቕካ ሸሞንተ ግዜ ምትንሳእ!...*

እዛ ደርፌ ብምልእታ ጥቕሲ ህይወት እያ። ሰብ ሓደ ሓደ ግዜ ጸግዒ ዝኾኖ ጥቕሲ የድልዮ እዩ። ካብዛ ደርፌ ነናትና መንፈስና ዘህድእ፡ ዘዕብን ዘጸናንዕን ጥቕሲ ክንወስድ ንኽእል ኢና።

ደጋጊመ ሰሚዐያ ኣይመነኹዋን። ገለኡ ከይሰማዕኩዎ ይሓልፈኒ ስለ ዝነበረ እናመለስኩ፡ በብሓደ ፍረ ነገራ ሰሚዐዮ። ብዘይ መጠን ፈትየያ። ምፍታው ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣብዛ ንእሽተይ ናይ ህይወት ተመኩሮይ ዝሓለፍኩዎም ነገራት በዚ ስምዒት ናይዛ ደርፌ ርእያዮም ዝፈልጥ ኣጋጣሚ እፍትሸ ነይረ። ሓንቲ ምርካበይ ኣዝዩ ኣሐጕሰኒ። መሓዙተይ ኣብ ግዜ ሽግረይ ካባይ ዘይተፈልዩ እሙናት ጸግዒ እዮም። ኣብዛ ምሸት ንመጀመርታ ግዜ ናጽነት ረኺቦም ድላዮም ከዕልሉ ክኢሎም። ኣነ ናጻ ክገድፎም ፈትየ ኣይኮንኩን። ግን ነዛ ሓቶይ ገና መሊሰ ከዕሙቓ ተሰፋ ኣሎኒ። እዋይ እዞም ደቀይ ቀልጢፎም ክዓብዩለይ ማራ ተሃዊኸ ኣለኹ። ከመይ ገይረ ድየ ክገልጸሎም! ከይርስዮ ግን ንስኺ ምዕቛር ኣይመነውኪ ዳየረይ ሓላለይ።

ጀሚላ ስዒድ

## ከመይ'የ ክዘከር

*23 ሓምለ 2025 -* ኣስመራ 7፡20 ድ.ቐ.



ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክሓስቦ ከለኹ፡ ኵሉ እቲ እንሕጎሶ፡ እንሓዝኖ፡ እንሃልኮ፡ ኮታ ኵሉ ኣብ ህይወትና እንኾኖ ሕሉፍ ኮይኑ'ዩ ዝተርፍ። እቲ ሓደ ይመጽእ፡ ይሓልፍ፣ ካልእ ከኣ ይመጽእ፡ ንሱ ከኣ መሊሱ ይሓልፍ፣ ምሳና ዝኽሪ ጥራይ ይተርፍ። ጥዑም እናሻዕ ክትዝርዮ መመሊሱ ክምለስ ትምነዮ፣ ዝኽሩ'ውን ካብ ልብኻ ፈጺሙ ኣይሃስስን። ከምኡ'ውን፡ ቃንዛኦም ዓሚቝ ግን ከኣ ምሂሮሙኻ ናብዚ በጺሕካዮ ዘለኻ ደረጃ ዘሰጋግሩኻ ሕማቕ ዝክሪ። ክልተ ጫፋት ግን ከኣ ኣብ መወዳእታ ሓደ ስም ሒዞም 'ዝኽሪ' ይበሃሉ።

ህይወት ከምዚ ምዃና ከስተንትን ከለኹ፡ ነታ ዘለኹዋ ግዜ ኣስተማቒረን ኣመስጊነን ክሓልፋ ከም ዘሎኒ ይስወጠኒ። ኵሉ ሃለኽለኽ እዛ ህይወት ከኣ ትዝ ይብለኒ'ሞ፡ እቲ ውረድ ደይብ ናይ ምንባር፡ እቶም ኣብ ህይወተይ ዘለዉን ዝነበሩን፡ ቃንዛኣን ሓጐሳን ከስተማቕር ዝደረኹኒ ደቂ ሰባት ዘኪረ። ኣነኸ ኣብ ናይ ደቂ ሰባት ዝኽሪ ኣበየናይ ሸነኽ እህሉ ኢለ ንነብሰይ ይሓታ። ነብሰይ ከኣ ኣብ ክልተኡ ትጸንሓኒ። ሽዑ ሓደ ነገር ወሲነ፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣጋጣሚ ምስ ደቂ ሰባት ብሰላም ክፈላለ ከም ዘሎኒ፣ ተበዳሊት እምበር በዳሊት ከይከውን ከኣ ንነብሰይ ቃል ኣትየላ። ምኽንያቱ ውዒለ ሓዲረ ኣነ'ውን ከም ሰበይ ዝኽሪ ኩይነ'የ ዝተርፈፍ። እታ እኳ ጥዕምቲ፡ ለዋህ፡ መተካእታ ዘይብላ ኣናሻዕ እንክትመጽኣካ ዘይትመንዋ ዝኽሪ ክኸውን ብሂገ። ሽዑ'የ ከኣ ምስ ደቂ ሰባት ሰለማዊ መንገዲ ክኸይድ ከም ዘሎኒ ዝመረጽኩ። ዋላ'ኳ ሓንሳብ ሓንሳብ ካብቲ ጽቡቕ ባህርያትካ ኣውጺኦም ናቶም ባህርያት ኣልቢሶም ክፋነውኻ ዘገድዱ ሰባት'ኳ እንተ'ለዉ፡ ንእኦም እውን ብፍቕርን ትዕግስትን ክስዕሮም ከም ዘሎኒ፡ ውዒሎም ሓዲሮም'ውን ንኣይ ብምኽሳሮም ከም ዘጣዕሶም ፈሊጠ ፍቕሪ ምሂረዮም ክሓል'የ ዝመርጽ።ምኽንያቱ፡ ዘይሃስስን ኣብዛ ምድሪ ዝነብርን ስምናን ግብርናን ጥራይ እዩ። ስለዚ'የ ከኣ ከምቲ ኣነ ምስ ደቂ ሰባት ደጋጊመ ከዕልለሉ ባህታ ዝፈጥረለይ ዘይርስዖ፡ ክሓልፍ ከለኹ ከኣ ከምዚ ዓይነት ኣሰር ገዲፈ ክሓልፍ'የ ዝደሊ። እወ ምሳና ዝተርፍ ዝኽሪ ጥራይ ስለዝኾነ። ህይወትና'ውን ባዕላ ዝኽሪ ስለዝኾነት።

ሚካል A.

## ይስተር

*23 ታሕሳስ 2008 -* ኣስመራ 10፡20 ቅ.ቐ.

ዳየሪየይ ሽኮር፡ እንታይ ከም ዝኾንኩ ኣይፈልጥን። ግን ገለ ሓድሽ ስምዒት ክስምዓኒ ይፍለጠኒ ኣሎ፣ እቲ'ኳ ኣብ መጽሓፍትን ፊልምታትን ዝፈልጦ ስምዒት። ምስ ፓፒ ካብ ንላለ ዳርጋ ሰለስተ ወርሒ ኣቑጺረ ኣለኹ። እዋእ! ይኽደነኒ ደኣ እምበር፡ ዘፍቀርኩ ኰይነ ይስምዓኒ ኣሎ።

ወዝቢ ዓይኒ ንዓይኒ ኣብ እንጠማመተሉ፡ ምሉእ ኣካላተይ እኮ'ዩ ተዘዝ ዝብለኒ። ብውሽጠይ ክሓስቦ ከለኹ ከኣ'ሞ መላእ ኣካላተይ'ዩ ዝሕው ዝብል። መሓዙተይ ገለ ግዲ ተዓዚበን፡ ፓፒ ንኽላስ ክኣቱ ከሎ ክቀናጠዋን ክጥምታንን ብተደጋጋሚ ጎፍ ተባሂልና ኣለና። ከምዚ ዘለኹዎ ክቕጽል ከጸግመኒ እዩ።

ሎሚ ዓመት 'ናይ ዩኒት ክወጽኣ ኣሎኒ' ኢለ ብትምክሕቲ ከም ዘይተበገስኩ፡ ብቕዓተይ ብሓሳባቱ ከይባድም የፍርሓኒ ኣሎ። ብዓቢኡ ከኣ 'ኣርሞር ንፓፒ ኣፍቂራ' ተባሂለ መዕለልን መስሓቕን መማህርተይ ከይከውን ሰጊአ ኣለኹ። እንድዒ! መስሓቒ መሓዙተይሲ ኣይከውንን እባ ይኸውን፣ ይስተር!

*01 ነሓሰ 2025* **ፍልይቲ መዓልቲ** ኣስመራ

ነዛ መዓልቲ ዓመታት እየ ሓሊመያ። ስለዝኾነ ድማ ናይ ሎሚ መዓልተይ ዝያዳ ካልእ መዓልታት ድምቕቲ ኰይና ዝረኸብኩዋ። ኣዝየ ተሓጒሰ ኣለኹ። ዳየሪየይ ሽኮር፡ እንተ ሓሰብክዮ'ኺ፣ ግን ናብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ዓቢ ድጋፍ ዝኾነትኒ እኮ ራኬ መሓዛይ እያ። ንሳ እንተ ዘይትህሉ፡ እዚ ዓወት እዚኸ ምተጓናጸፍኩዎዶ፧ ኤእ ኣይመስለንን። ብኹሉ ኵሉ ተሓጒሰ ስለ ዘለኹ ዝብሎ ክጠፈኣኒ ንቡር እዩ መሰለኒ። ነታ ሰሓቐይ ዝመለሰትለይ መሓዛይን ዓባይ ሓፍተይን ዝኾነት ራሄል ግን ከመስግና ኣፍቅድለይ። በቃ ናይ ልቢ ምስጋናይ ይብጽሓያ።

ኣርሞር


# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቆቛሕ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ዒራቕ፡ ሊባኖስ፡ ሶርያ፡ ስዑዲ ዓረብ . . .

ኣሜን ተስፋይ

ክቡራት ነበብቲ፡ ቅድሚ ክልተ ሰሙናት፡ ንቕዱማይ ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ቅድሚ ናጽነት ዝኾነ ኣሕመድ ዓብደላ (ወዲ ዓብደላ) ዝገልጽ ዓንቀጽ ኣብ ዓምዲ ስፖርት ጽሒፍና ከም ዝነበርና ዝዘከር እዩ። ኑቲ ዓንቀጽ ተኸታቲልኩም ኣተባባዕቲ ርእይቶታት ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝገለጽኩም ኣመስጊንና። ኣብ'ቲ ዓንቀጽ "ቆቛሕ" ዝበሃል ተጻዋታይ ነበረ ብዙሕ ግዜያት ተገሊጹ ኣሎ። እቲ ዓንቀጽ ኣብ ጋዜጣ ምስ ወጸ ኢጋጣሚ፡ ተስፋጊዮርጊስ (ቆቛሕ) እውን ካብ ጀርመን ናብ ሃገሩ መጺኡ ስለዝጸንሐ ኣኺብዎ። ንሱ'ውን ምስ'ቲ ዝተገልጸ ሓበሬታ ዝተኣሳሰረ ንታሪኽን ሃገራውነትን ስፖርታውያን ሃገርና ዝገልጽ ሓበሬታ ሂቡና ኣሎ።



ቆቛሕ (1972)

ኣብ 1947፡ ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ። ኣብ'ዚ ሎሚ ብስታድዮም ኣስመራ ዝፍለጥ ዘሎ ከባቢ፡ ከም ኩሎም ቈልዑ ኩዕሶ ጨርቂ እናተጻወተ ዓብዩ። ዳርጋ ናብ ምሉእ ኣስመራ እናተዓዳደሙ ድማ፡ ኩዕሶ እግሪ ምስ ዝጻወቱ ዝነበሩ ይጻወት ነይሩ - ተስፋጊዮርጊስ ብኣደማርያም (ቆቛሕ)።

ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ'ውን፡ ከም'ዚ ሎሚ ተበራቢሩ ብንጡፍ ዝካየዱ ዘለዉ ኩሎም ዓይነታት ስፖርት ማለት ውድድራት ኩዕሶ እግሪ፡ ጉያ፡ ቅድድም ብሽክሌታ፡ ጠረጴዛ ቴንስ፡ ኩዕሶ መርበብን ሰከይትን ይካየዱ ነይሮም። ቆቛሕ፡ ኣብ'ታ ቪላጆ ጂንጆ፡ ደሓር ሕብረት፡ ሎሚ ድማ ሓድነት እትብሃል ዝነበረት ቤት ትምህርቲ እናተማህረ ኸሎ፡ ምስ መሓዙኡ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ቀጺልዎ። ተጻዋታይ ክለብ ሓማሴን ዝነበረ ኣብርሃ ይግዘው ድማ፡ ይዕልሞም ከም ዝነበረ ንድሕሪት ልዕሊ 60 ዓመታት ተመሊሱ ኣዘንቲዩልና። ቅድሚ ናብ ዝርዝር ዛንታኡ ምእታውና፡ 'ቆቛሕ' ከም ቅጽል ስም ብኸመይ ከም ዝወጾ ሓቲትናዮ። ኣብ ቀልዕነቱ፡ እናተማህረ ኸሎ፡ ንኹሎም ንጥፈታቱ ዝተዓዘበ መምህር ዞርያስ ዝተባህሉ ከም ዘልገቡሉ ገሊጹ። እዛ ንስሙ ስዒራ ዳርጋ ዕምሩ ምሉእ ዝጸዋዓላ ቅጽል ስም፡ ክእለቱ ንኽገንጽብርቕ ተራ ከም ዝበራ ብምዝካር ንመምህር ዞርያስ ወትሩ ብኣኽብሮት ከም ዘመስግኖም ሓቢሩ።

ኣብያተ-ትምህርቲ፡ መዝበቲ ናይ'ተን ፋሕ ፋሕ ዝብላ ዝነበራ ጋንታታት'የን ነይረን። ብፍላይ ድማ፡ እታ ብኣብርሃ ይግዘው ትሰልጥን ዝነበረት ቤት ትምህርቲ ቪላጆ ጂንጆ፡ ቀንዲ ቀላቢት ጋንታ ሓማሴን ክትከውን ዝኸኣለት፡ ጽልዋ ናይ ኣብርሃ ይግዘው'ዩ ዝነበረ። ንኣብነት፡ ካብ'ታ ቤት ትምህርቲ ተሰሪሚካኤል በኹረጽዮን የውሃንስ፡ ቆቛሕን ካልኦትን ምስ ጋንታ ሓማሴን ከም ዝጸንበሩ ገይሩ።

ካብ መግዛእቲ ጣልያን ጀሚሩ ኣብ ኤርትራ ብስሩዕ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ይካየድ ነይሩ እዩ። ኣብ ስብኡታት ከኣ ኣዝዩ ሰሓቢን ብዙሕ ደገፍ ከም ዝነበሮን ቆቛሕ ይገልጽ። ቀዳሞት ዋንጫ ኣፍሪቃ እንተርኢና፡ ህያው ኣብነት እዩ። ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ግብጺ፡ ሱዳንን ኢትዮጵያን ጥራይ'የን ተሳቲፈን። ንክልተኡ ከኣ ግብጺ ቀዳመይቲ ኮይና ዋናጩ ኣልዒላትሉ። ሳልሳይ ዋንጫ ኣፍሪቃ ግና፡ ፍሉይነት ነይሩዎ። ከም ራብዐይቲ ጋና ተጸንበረተን። ኣብ'ዚ ጸወታ ኢትዮጵያ ከም ወትሩ ልዕሊ 80% ኤርትራውያን'ያ ሒዛ ተጻዊታ። ብሕጽር ዝበለ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ምግባል ዝሓሸ ነይሩ። እንተኾነ ብወትሩ ምዕራባውያን ዝመሓደር ዝነበረ መግዛእቲ ኣየፍቀደን። ኣብ 1962፡ ሳልሳይ ዋንጫ ኣፍሪቃ ብስም ኢትዮጵያ ካብ ዝጻወዑ ዝነበሩ ቀዳሞት 11 ተሰለፍቲ ተጻወትቲ፡ ኣዮም ሸሞንተ ኤርትራውያን እዮም። እዮም ሰለስተ ድማ ኢትዮጵያውያን። ንኣብነት፡ ተስፋይ (ቀጭኔ)፡ በርሀ፡ ጊላይ፡ ኣስመላሽ፡ ክፍሎም፡ ኣቦሃንጋ፡ ኢታልዮ፡ ሉቺያኖ (ሓለቓ ጋንታ ኢትዮጵያ)፡ ተኽለ (ስልኪ) ነይሮም። እዛ ብኤርትራውያን ዝተዓብለለት ጋንታ፡ ንሕርይቲ ጋንታ ግብጺ 4ብ2 ስዒራ ኢትዮጵያ ንመጀመርታ እዋን ብኤርትራውያን ዋንጫ ኣፍሪቃ ወሲዳታ። ቀዳማይ ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ምስራ፡ ካልኣይ ኣብ ሱዳን፡ ሳልሳይ ድማ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዝተኻየደ ቆቛሕ ሓቢሩ። ንሱ ወሲኹ፡ "ምኽንያት ዋሕዲ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ውድድር፡ ዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ናጻ ኣይወጸን ነይረን።" ኢሉ።

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ኢትዮጵያውያን ብዘይካ ናይ ሰራዊት ብፌደረሽን ዝተወደበ ውድድር፡ ስሩዕ ጸወታ ከም ዘይነበሮም ቆቛሕ ይገልጽ። እተን ወተሃደራውያን ጋንታታት ሞቻል ናይ ሰራዊት፡ ግምሩክ ናይ ፋይናንስ ፖሊስ፡ ኣሞዴላ ናይ ፖሊስ ከም ዝነበራ'ውን ይዝክር። እዘን ጋንታታት፡ ካብ ኢትዮጵያ እናመጻ ምስ'ተን ሓያላት ጋንታታት ናይ ኤርትራ ተጻዊተን ስዕረተን ተሰኪመን ይምለሳ ነይረን።

"ሓደ እዋን፡ ካብ'ዚ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይድና። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ህወትት ስለ ዝነበረ ግን፡ ክንጻወት ኣይከኣልናን። ንሃገራዊት ጋንታ ቻይና ሒዝናያ ድማ ናብ ኣስመራ መጺእና። ኣብ'ዚ ድማ ሰዒርናያ። ብተመሳሳሊ፡ ንዝመጽኣ ዝነበራ ናይ ጣልያን ጋንታታት ንስዕረን ነይርና።" ብምባል፡ ቆቛሕ ኑቲ ዝነበረ ብቐዓት ገሊጽዎ።

ሓደ ካብ'ቶም ምስ ሕርይቲ ጋንታ ኢትዮጵያ ኮይኑ፡ ኣብ ሳልሳይ ዋንጫ ኣፍሪቃ ዝተጻወተ ኢትዮጵያዊ ይድነቃቸው ተሰማ እዩ። ንሱ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ፌደረሽን ንምቛም ብዙሕ ሳዕልን ታሕትን ኣብ ዝበለሉ፡ ኑቲ ውዱብን ስልጡንን ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ከም ዝጽንዐር ገይሩ። ንሱ፡ ኑቲ ምዕቡል ኣካይዳ ኤርትራ ከም ጺጋ ተጠቒሙ፡ ፕረዚደንት ፌደረሽን ኢትዮጵያ ኮይኑ ተሸይሙ። ኣብ ፊፋ ድማ፡ ኣባል ክኸውን ከም ዝበቕዐ ቆቛሕ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ብሰለስተ ደረጃታት ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ይሰላሰል ከም ዝነበረ ይፍለጥ። "ሰሪ ኣ (A)፡ ቢ (B) ሲ (C)" ተባሂሉም ድማ ይፈላለዩ ነይሮም። ካብ ታሕቲ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ዓብይቲ ንኽትበጽሕ ከኣ፡ ብዙሕ ዋጋ ሃልኪ ይሓትት ከም ዝነበረ ቆቛሕ ሓቢሩ።

"ሻምፕዮን ኢትዮጵያ ክተረድ ከሎ፡ ካብ ኤርትራ ክልተ፡ ካብ ሃረር ክልተ፡ ካብ ሸዋ ድማ ክልተ ጋንታታት ይሳተፋ ነይረን። ንስዕርም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ጸወታታት ንዕብልሎን ብገፊሕ ንዕወተሎምን ነይርና። ኢትዮጵያውያን ብጸወታ ምኽኣል ምስ ሰኣኑ፡ ኣብ ዓመጽ ኣትዮም። ንኣብነት፡ ምስ ናይ ሃረር ንጻወት እንተሊና፡ ዳኛ ወዲ ሸዋ ይኸውን። ብርኢይ ከም እንዕመጽ ይገብር። ብሓጺሩ፡ ስፖርት ናብ ፖለቲካ ዝተቐየረሉ እዋን ስለ ዝነበረ፡ ብኡኡም ክንሰዮር ፍጹም ድሌት ኣይነበረናን። ዋላ ንቕሸሽ ስዒርና ሻምፕዮን ንኸውን ነይርና። ኣብ'ዚ ዘይርስዖ ሃንሕድሕድና ኣናቖቶም ከቡኡሰና ብዙሕ ተኽሉላት ይፍሕሱ ነይሮም። እንተኾነ፡ ኤርትራዊ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጦም መሊሱ ይተሓቛቖፍ እምበር ደብኣስ ኣይነበረን። ኩላትና ብሓባር ድማ፡ ንሳ'ቶም ሻምፕዮን ንኽይወጹ ኣሒይልና እናተመኻኸርና ንጻወት ነይርና።" ብምባል፡ ኒሕ ኤርትራዊ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ከም ዝነበረ ገሊጹ።

ኣብ 1974፡ ቆቛሕ፡ ኣሕመድ ዓብደላን ዓብዱራሕማንን (ፓቾ)ን ናብ ጀርመን ከይዶም ዋንጫ ዓለም ንኽከታተሉ ዕድል ረኺቦም። ኑቲ ኣብ ውሽጢ ጀርመን ኣብ ዝኽብ ስታድዮማት ዝነበረ መእተዊ ገዝዘብ ፕረዚደንት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኢትዮጵያ ዝነበረ ይድነቃቸው ተሰማ ዋላ ይሸፍኖሎም፡ ካብ ኤርትራ ናብ ጀርመን ዘብጽሕዎም ግን፡ ደገፍቲ ኤርትራውያን ከም ዝነበሩ ቆቛሕ ሓቢሩ።

ኣብኡ ድማ፡ ምስ ኮኾብ ተጻዋታይ ዓለም ዝነበረ ተጻዋታይ ጋንታ ብራዚል ፔለ ክራኸቡ ከለዉ፡ ቆቛሕ ከም ዝነበረን ኣፍልጠራት ቀሊታ ኣስፋሃ፡ ፊተውራሪ ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረኺዳን፡ ፓቾን ወዲ ዓብደላን ኣብ ዝበሩሉ ብዮግራሩ ከም ዝነኣሎምን የዘንቱ። ንፔለ ብዞባ ምዕባለ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራን ድሕሪ ባይታ ኤርትራን ከም ዝገለጹሉ'ውን ብሽኢሊ ኣሰንዩ ሓቢሩ።

ስምዒታት ኣውራጃ ተገዛሂሩ ናብ ዘይተደልየ ናዕቢ ንምስግጋር ብዙሓት ተኽሉላት ተፋሒሶም እዮም። ንኹዕሶ እግሪ ወይ ስፖርት መሳርሒ ፖለቲካ ክገብርዎ እንታይ ዘይተኣልመ። ከም'ቲ ኣብ ድሕረ-ባይታ ኣሕመድ ዓብደላ ዝተገልጸ ኑየም ቆቛሕ ዝርከቦም ሓሙሽተ ጸለውቲ ምስ ሕርይቲ ጋንታ ዝተመርጹ ተጻወትቲ ካብ ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ ስፖርት ጸወታ ክቋርጹ፡ ደብዳበ ከም ዝመጾኦም ገሊጹ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ድማ ኣብ 1974 ኩዕሶ እግሪ ተቛሪጹ። ብዙሓት መንእሰያት ከኣ እቲ ኩነታት መግዛእቲ ዒቕ ስለ ዝበሎም፡ ንናጽነት ሃገርም ኪጋደሉ ናብ ሜዳ ወጺኦም።

ቆቛሕ ዝርከቦም 12 ተጻወትቲ ብጾሎት፡ ዓደም ዝዎም ገይርም ናብ ጸዓዚጋ ምስ ዝነበሩ ተጋደልቲ ተጸንበርዎም። ንኣየም ኣብኡ ከለዉ፡ ተቐዳደምቲ ብሽክሌታን መዚቐኛታትን ከም ዝርከቡዎም ቆቛሕ ይዝክር።

ቆቛሕ፡ ኣብ ሱዳን፡ ኣብ ጋንታታት ዒራቕ፡ ሊባኖስ፡ ሶርያ፡ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ድማ፡ ኣብዛ ኣብ'ዚ እዋን ፈረንሳዊ ካሪም በንዘማ ዝጻወተላ ዘሎ ኢትሓድ ዝተባህለት ክለብ ክትምሰረት ከላ ኣባላ ከም ዝነበረ፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ሰደት ጀርመንን ኣብ ካልኣይን ናይ መወዳእታ ክፋልን ክንከታተሎ ኢና።



ብኤርትራውያን ዝተዓብለለት ሃገራዊት ጋንታ ኢትዮጵያ፡ ካብ ጸጋም ደው ኢሎም ዘለዉ - ሉቺያኖ፡ (ካልኣይ ዘሎ ኢትዮጵያዊ እዩ)፡ ቀጭኔ፡ በርሀ፡ ኣስመላሽ፡ ክፍሎም፣ ካብ ኮፍ ዝበሉ ካብ ጸጋም - ካልኣይን ሳልሳይን ዘለዉ ኤርትራውያን - ጊላይን ኢታሎን



ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ፍራንክፈርት ኣብ ዋንጫ ዓለም 1974 ኣሕመድ ዓብደላ ቆቓሕን ቀለታን ምስ ኮኾብ ዓለም ዝነበረ ፔለ



ቆቛሕ ኣብ ጋንታ ሓማሴን 1970ታት ካብ ኮፍ ዝበሉ ካብ የማን ካልኣይ

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## “ባሎን ዲ ኦር ንእስማን ደምበለ ዋላ ሓንቲ ትርጉም የብሉን” ልዊስ ኤንሪክ

እስጳኛዊ ኣሰልጣኒ ፓሪስ ሴንት-ጀርመይን (ፒኤስጂ) ልዊስ ኤንሪከ፡ ኣብ ዓመት ውድድር 2025/26 ተወሳኺ ዋናጩ ክትዓትር ኣብ ዝሰርሐሉ ዘለዉ እዋን፡ ኮኾብ ኣጥቃዓይ ኣሶማን ደምበለ ንዝተሸለሞ ባሎን ዲኦር 'ዋላ ሓንቲ ትርጉም የብሉን' ክብል ገሊጽዎ። ደምበለ፡ ንኣጥቃዓይ ባርሴሎና ላሚን ያማል ሰዒሩ እዩ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ተባሂሉ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ዓቲሩ። እዚ ፈረንሳዊ ኮኾብ፡ ጋንታ ፒኤስጂ ንሊግ ሓደ ፈረንሳ፡ ዋንጫ ፈረንሳ፡ ሱፐር ካፕ ፈረንሳን ሻምፕዮንስ ሊግን ክትዓትር፡ ኣብ ኩሉ ውድድራት 35 ሸቶታት ብምምዝጋብን 14 ናይ ሸቶ ዕድላት ብምቅራብን፡ ልዑል ተራ ተጻዊቱ እዩ።



ልዊስ ኤንሪከ፡ እዚ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ብዛዕባ ባሎን ዲ'ኦር ረሲዑ ግጥሚታቱ ክኸይድ ኣጠንቂቑ።

“ንሱ ባሎን ዲ'ኦር ኣይደለዮን፡ ንሱ ኣሶማን ደምበለ'ዩ። እቲ ንሱ ዝገበሮን ዘምጽኦ ጸጋታትን ንጋንታ ዚያዳ ኣገዳሲ'ዩ። ባሎን ዲ'ኦር ተወዲኡ'ዩ፡ ምድግጋሙ ትርጉም የብሉን። ንዓና እቲ ኣገዳሲ ነገር ንምሕጋዝ ጀዚረ ዱዌን ኣሶማንን ምምላስ'ዩ” ኢሉ።

ኣብዚ እዋን ማህረምቱ ኣብ ምሕዋይ ዝርከብ ደምበለ፡ ንቕድሚት ክጥምት እዩ ብኣሰልጣኒኡ ዝሕተት ዘሎ።

## ክሎፕ ናብ ሊቨርፑል ‘ሓንቲ መዓልቲ’ ክምለስ ከምዝኽእል ገሊጹ

ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ዝነበረ ዩርገን ክሎፕ፡ ሓደ መዓልቲ ዳግማይ ናብ ኣንፊልድ ክምለስ ከምዝኽእል ‘ብክልሱ-ሓሳብ ይከኣል'ዩ’ ክብል ገሊጹ።

ክሎፕ ምስ ሊቨርፑል ኣብ ዝጸንሓሉ ትሽዓተ ዓመታት፡ ኣብ ኩሉ ዝካየድ ውድድራት ሻምፕዮንስ ሊግን ፕሪመር ሊግን ደማሪካ ብዙሓት ጽዋኣት ብምልዓል፡ ኣብ መወዳእታ ዓመት ውድድር 2023/24 ካብዛ ጋንታ ምውጽኡ ይዝከር።

እዚ ወዲ 58 ዓመት ኣሰልጣኒ ዝነበረ፡ ብኣርነ ስሎት ድሕሪ ምትካኡ፡ ስሎት'ውን ዝሓለፈ ዓመት ብምዕዋት፡ ‘ናይ ፈለማ እዋን ሆላንዳዊ ኣሰልጣኒ’ ፕሪመር ሊግ ዘልዓለ ክኸውን ክኢሉ እዩ።

ክሎፕ፡ “ናብ ፕሪመር ሊግ እንተተመለሰ፡ ካልእ ጋንታ ፈጺመ ኣየሰልጥንን'የ ኢለ ነይረ። ስለዚ ሊቨርፑል'ያ ክትከውን ማለት'ዩ።” ኢሉ።

“ንኽልተ ሰዓትን ፈረቓን ወይ ሰለስተ ሰዓታት ኣብ ዝናብ ደው ምባል ኣይናፍቐን እዩ። ኣብ ሰሙን ሰለስተ ግዜ ናብ ጋዜጣዊ መግለጺ ምኻድ'ውን ኣይናፍቐን እዩ። ኣብ መቐየሪ ክዳን ምህላወይ ኣይናፍቐን እዩ። ይኹን እምበር ድሕሪ ሓደት ዓመታት ውሳነ ክወስድ እኽእል'የ። ኣይፍለጥን'ዩ!” ኢሉ።




ሊቨርፑል፡ ድሕሪ ሕዳር 2014 ኣብ ሜዳኣ ብማንቸስተር ዩናይትድ 2-ብ1 ድሕሪ ምስዓራ፡ ኣብ ኩሉ ውድድር ኣብ ኣርባዕተ ተኸታታሊ ግጥሚታት ስዕረት ኣጋጢሙዋ ኣሎ። ስሎት ግን፡ ከም ብዓል ፍሎርያን ዊርትዝን ሁጎ ኤኪቲከን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ብሉጻት ተጻወትቲ ሒዙ ብምህላዉ፡ ነገራት ክቕይሮ ከምዝኽእል ክሎፕ ርግጸኛ ምዃኑ ይሕብር።

ሊቨርፑል፡ 15 ነጥቢ ኣኪባ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ኣላ። ኣርሰናል፡ ብ19 ነጥቢ መራሒት ዘላ ኮይና፡ ማንሲቲ ብ16 ነጥቢ ካልኣይቲ ትርከብ።

## ኣርሰናል ንኣትለቲኮ ኣብ ግዜኡ ማይ ብዘይምቕራባ ይቕረታ ሓቲታ

ኣርሰናል ኣብ ስታድዩም ኤምሬትስ ድሕሪ ልምምድ ንመሕጸቢ ተጻወትቲ ኣትለቲኮ ማድሪድ ዝኸውን ውዑይ ማይ ብዘይምቕራባ፡ ነዛ ስጳኛዊት ክለብ ይቕረታ ሓቲታታ።

ሕግታት ዩኤፋ ከምዝሕብሮ፡ ድሮ ጸወታታት ሻምፕዮንስ ሊግ ዝካየደላ መዓልቲ፡ ክለባት ናብቲ ዝጋጠሞሉ ስታድዩም ከይደን ልምምድ ክካየዳ ኣይፍቀደን እዩ።

ናይ ድያጎ ሲሞኒ ጋንታ ኣትለቲኮ ማድሪድ ከኣ፡ ኣብ ሜዳ ኣርሰናል ቅድሚ ሰሉስ ምሸት ምግጣመን ልምምድ ንኸካይዱ ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ኣካየድቲ ስራሕ ኣትለቲኮ ማድሪድ፡ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ናይ ማይ መውጽኢ ይሰርሕ ከምዘየለ፡ ንኣካየድቲ ስራሕ ኣርሰናል ሓቢሮም። ይኹን እምበር፡ ብዝተመሳሰሊ ናይ ኣርሰናል መሕጸቢ ክፍሊ'ውን ከምዝይሰርሕ ዘሎ ተሓቢሮም።

በዚ ዝኸደሩ ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ፡ ልምምድ 7:30 ድ.ቀ ክዛዘሙ ዝጸበዮም፡ ቅድሚ 15 ደቓይቕ ካብ ሜዳ ብምውጻእ፡ ናብ ሆቴሎም ክኸዱ ተገዲዶም።

ጋዜጣ እስጳኛ፡ ኣትለቲኮ በቲ ኩነታት ‘ተቖጢዓ’ ከምዝነበረት ሓቢራ። ኣርሰናል ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ተጻወትቲ ኣትለቲኮ ማድሪድ ዘውረደቶ ዘይምቹእነት ይቕረታ ሓቲታትሉ ኣላ።

ብሚካኤል ኣርቴታ ትምራሕ ክለብ ኣርሰናል፡ ኣብ መኽፈቲ ዘካየደተን ክልተ ግጥሚታት ሻምፕዮንስ ሊግ ሸቶ ከይተመዝገበ ክትዕወት እንከላ፡ ኣትለቲኮ ግና፡ ኣብ ቀዳማይ ጸወታ ብሊቨርፑል 3-ብ2 ተሳዒራ። ኣብ ካልኣይቲ ንኢንትራኽት ፍራንክፈርት 5-ብ1 ብምርታዕ ግና ተኻሒሳ እያ።




### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**
**ሻምፕዮንስ ሊግ**

ኣትለቲኮ በልባኦ - ቃራባግ 7:45 ድ.ቀ.
ጋላታሳራይ - ቦዶ/ግሊምት 7:45 ድ.ቀ.
ቸልሲ - ኣያክስ 10:00 ድ.ቀ.
ርያል ማድሪድ - ጁቬንቱስ 10:00 ድ.ቀ.
ስፖርቲን - ማርሰለ 10:00 ድ.ቀ.
ሞናኮ - ቶተንሃም 10:00 ድ.ቀ.
ኣትላንታ - ፕራሃ 10:00 ድ.ቀ.
ሊቨርፑል - ኢንትራኽ ፍራንክፈርት 10:00 ድ.ቀ.
ባየር ሙኒኽ - ክሉብ ብሩግ 10:00 ድ.ቀ.

## ባየር ሙኒክ፡ ውዕል ኮምፓኒ ኣናዊሓ

ኣሰልጣኒ ባየር ሙኒክ ቪንሰንት ኮምፓኒ፡ ውዕሉ ምንዋሑ ተሓቢሩ።



እዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ቀዳማይ ንሙኒክ ናይ ምስልጣን ግዜኡ ጽዋእ ቡንደስሊጋ ክልዕል ዝኸኣለ ኣሰልጣኒ፡ ክሳብ 30 ሰነ 2029 ክጸንሕ'ዩ። ሙኒክ፡ ኣብዚ ሓድሽ ዓመት ውድድር ብጸቡቕ ብቐዓት ፈሊሙቶ ትርከብ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ብሓሙሽተ ነጥቢ ኣብ ቅድሚት ትርከብ።

ባየር ሙኒክ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “እዚ ኣሰልጣኒ ኣቐዲሙ ኣብ ክረምቲ 2027 ዝዛዘም ውዕል ነይሩዎ። በዚ ሕጂ ፈሪምዎ ዘሎ ኩሉ ክሳብ ሰነ 2029 ክጸንሕ እዩ። ወዲ 39 ዓመት ኮምፓኒ፡ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ክሉብ በርንለይ ናብ ሙኒክ ድሕሪ ምምጻኡ፡ ጽዋእ ቡንደስሊጋን ሱፐርካፕን ክዕዉትር ሓጊዙና እዩ።” ኢሉ።

ኮምፓኒ ምስዛ ክሉብ ዝነበሮ ጸንሖት ብምንዋሑ ሓጎሱ ብምግላጽ፡ ንዚያዳ ዓወት ናይዛ ክሉብ ንምስራሕ ከምዝጸዐር ሓቢሩ። ካብ ቃላቱ፡ “ባየር ካብ ቀዳማይ መዓልቲ ንዘለኒ እምነትን ናይ ስራሕ ሃዋህውን ከማስየና እፈቱ። ምስዛ ጋንታ ነዊሕ ዝጸናሕኩ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓኒ፡ ኑታ ክሉብ ድማ ኣጸቢቐ'የ ዝፈልጣ፡ ክሳብ ሕጂ ዓቢ ተመክሮ'ዩ።” ኢሉ።

ሙኒክ፡ ዝሓለፈ ዓመት ጸወታ ብ13 ነጥብታት ጽዋእ ቡንደስሊጋ ከተልዕል ከላ፡ ኣብ 34 ጸወታታት 99 ሸቶታት ብምምዝጋብ፡ መበል 34 ጽዋእ ቡንደስሊጋ ኣልዒላ።

ሙኒክ፡ መጻኢ ዕድል ኮምፓኒ ድሕሪ ምውሓሱ፡ ንብሉጽ ኣጥቃዓይ ሃሪ ከይን ሓድሽ ውዕል ክተፈርሞ ተኽእሎ ከምዘሎ ይግለጽ። እዚ ሓለቓ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ፡ ክሳብ 2027 ምስዛ ጋንታ ዘጽንሖ ውዕል ዘለዎ ኮይኑ፡ ከናውሖ ምዃኑ ምግላጹ'ውን ይፍለጥ።




ብወገን እታ ክሉብ'ውን፡ ንውዕል ከይን ንምሕዳስ ድልውቲ ምህላዋ ኣረጋጊጻ እያ። ኣብታ ክሉብ ዝበለጸ ተጻዋታይ ምዃኑ ዝገለጸ ከይን፡ ንተወሳኺ ገለ ዓመታት ክጸንሕ ትጽቢት ይግበር።

ከይን ካብ ቶተንሃም ካብ ዝገዓዘ ንደሓር፡ ኣብ ባየር ሙኒክ ብዙሓት ሸቶታት ኣመዝጊቡ'ሎ። እዚ ኣጥቃዓይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ሙኒክ ዋንጫ ቡንደስሊጋ ክትዓትር ልዑል ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። ከይን፡ ኣብ 107 ጸወታታት ናይ ባየር ሙኒክ፡ 104 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ። ኣብዚ ዓመት ውድድር ድማ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 52 ደቓይቕ ሸቶታት እናመዝገበ ይገዓዝ ምህላዉ ይሕበር።

## ኖቲንግሃም ፎረስት ንዳይች ኣሰልጣኒኣ ክኸውን መዚዛቶ



ኖቲንግሃም ፎረስት ንኣሰልጣኒ በርንለይን ኤቨርተንን ዝነበረ ሲን ዳይች ኣሰልጣኒኣ ክኸውን መዚዛቶ።

እዚ ወዲ 54 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ክሳብ ክረምቲ 2027 ምስ ፎረስት ዘጽንሖ ውዕል ፈሪሙ ኣሎ። በዚ መሰረት፡ ናይዚ ዓመት ውድድር ጥራይ ሳልሳይ ኣሰልጣኒ ፎረስት ኮይኑ ኣሎ።

እዚ ዝኸሎ፡ ን39 መዓልታት ጥራይ ዘገልገለ ኣሰልጣኒ ኣንጀ ፖስተኮግሎ፡ ቀዳም ኣብ ግጥም ፕሪመር ሊግ፡ ፎረስት ብቸልሲ 3-ብ0 ምስ ተሳዕረት፡ ድሕሪ 17 ደቓይቕ ካብ ስርሑ ድሕሪ ምብራሩ እዩ።

ኣብ ሰለስተ ጸወታታት ጥራይ ድሕሪ ምምርሑ ካብ ስርሑ ንዝተባረረ ኑኖ ኢስፒሪቶ ሳንቶ ተኪኡ ዝመጸ ፖስተኮግሎ፡ ኣብ ጸንሖቱ ካብ ዘካየዶ ሸሞንተ ጸወታታት፡ ኣብ ክልተ ማዕረ፡ ኣብ ዝተረፉ ሽዱሽተ ግጥሚታት ድማ፡ ብምስዓሩ እዩ ካብ ስርሑ ተኣልዩ ዘሎ።

ዳይች ኣብ ፈላሚ ስርሑ፡ ነዛ ጋንታ መራሒት ሓሙስ ምሸት ኣብ ሊግ ኤውሮጳ ኣብ ሜዳኣ ንፖርቶ ክገጥማ እዩ። ሰንበት ድማ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ምስ ቦርንማውዝ ክገጥም'ዩ።

ፎረስት ዝ. ኣመልኪታ፡ “ክቡርን ምኩርን ኣሰልጣኒ ፕሪመር ሊግ ዳይች፡ ኑታ ክሉብ ኣብ ዝቐጽል ምዕራፉ ኣብ መንኮ ተጻወትታ ተወሃሃዲ ባህርያትን ታክቲካዊ ብልሕን ክህልዋ፡ ዓወት ከምጽኣላ ዓቢ ትጽቢት ኣንበርናሉ ኣለና።

ዳይች ከም ሓደ ኣብ ኮበና ዝዓበየን መንእሰይ ተጻዋታይ ፎረስት ዝነበረን፡ ብዛዕባ ክብረታትን ሓበንን ፎረስትን ደገፍታን'ውን ዓሚቑ ርድኢት ኣለዎ። ስለዚ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኤውሮጳን ኣብ ዝካየዱ ውድድራት ዕዉታትን ተወዳደርትን ብምዃን ኣብዚ ዓመት ውድድር ዝበለጸ ዕድል ክፈጥር ተስፋ ተኣቢሩዎ ኣሎ።” ኢላ።

ዳይች ምስቶም ኣብ ኖቲንግሃም ፎረስት ዝጻወቱ ዝነበሩ ኢያን ዋንን ስቲቨን ስቶንን ከምተሓጋገዙዑ ብሓባር ክሰርሕ እዩ።

ፎረስት፡ ኣብዚ ዓመት ጸወታ ብድኹም ብቕዓት ብምጅማራ፡ ኣብ ሸሞንተ ጸወታታት ሓንቲ ዓወት ጥራይ ብምምዝጋብ ኣብ መበል 18 ተርታ ፕሪመር ሊግ ትርከብ።

እዛ ጋንታ፡ ንኣሰልጣኒ ኢጣልያን ማንቸስተር ሲቲን ዝነበረ ሮበርቶ ማንቺኒ ከምዝዘራረበቶ እዩ ዝገለጸ። ንኣሰልጣኒ ፉልሃም ማርኮ ሲልቫ ብፍሉይ ከምተድግኾ ድማ ይንገር።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ዋዕላ ትራምፕን ፑቲንን መዓስ ከም ዝካየድ ንጹር ኣይኮነን ተባሂሉ

ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲንን ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል ኣመልኪቱ ዝካየድ ዋዕላ ብልክዕ መዓስ ከም ዝካየድ ንጹር ከም ዘይኮነ፡ ቤት ጽሕፈት ክረምሊን ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።





ትራምፕ፡ ነቲ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብ ኤውሮጳ ኣዕናዊ ክብል ክገልጾ ዝጸንሐ ኩናት ዩክሬን ክበቅዕ ከም ዘይለዩ ብተደጋጋሚ እኳ እንተ ገለጸ፡ ነቲ ኩናት ደው ምባል ግና፡ ንስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ቃዛ ተግባራዊ ካብ ምግባር ከም ዝኸበደ ሓቢሩ ነይሩ።

ትራምፕ ብ16 ጥቅምቲ ምስ ፑቲን ብተሌፎን ድሕሪ ዘካየዶ ዝርርብ፡ ቅድሚ'ቲ ኣብ'ዚ ወሸጢ ክልተ ሰሙንዚ ኣብ ቡዳፐስት - ሃንጋሪ ክካየድ ከም ዝኽእል ክግለጽ ዝጸንሐ ዋዕላ ክልቲኦም ፕረዚደንታት፡ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ሰርጌይ ላቭሮቭን ክራኸቡ ምዃኖም ሓቢሩ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ ሲ.ኤን.ኤን ንሓደ መንነቱ ዘይተገልጸ ብዓል ስልጣን ዋይት ሃውስ ብምጥቃስ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ርክብ ሩብዮን ላቭሮቭን ንግዚኡ ከም እተቛረጸ ገሊጹ።

በዚ ድማ፡ ምድላዋት ዋዕላ ናይቶም መራሕቲ ደው ከም ዝበለ ሓቢሩ።

ብወገን ሩሲያ ግና፡ ነቲ ርክብ ዝምልከት ንጹር ዕለት ዛጊት ኣይተገልጸን ዘሎ።

## ጃፓን - ፋልመይቲ ቀ/ሚ ተመሪጻ

ባይቶ ጃፓን፡ ንኣዚያ ዓቃባዊት ምዃና ዝነገረላ ሳናይ ታካይቺ ናይ ፈለማ ጓል ኣንስተይቲ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ክትከውን ከም ዝመዝዘ ተሓቢሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ ንሓደ ዓመት ጥራይ ዘገልገለ ሺገሩ ኢሺባ፡ ኣቐዲሙ ምስ ካቢነ ሚኒስተራቱ ካብ ስልጣኑ ብምልቃቑ ኣብ'ታ ሃገር ሓድሽ ባይቶኣዊ ምርጫ ክካየድ መንገዲ ከም ዝጸረገ ይግለጽ።




ታካይቺ፡ ኣብ'ቲ 465 መናብር ዘለዎ ታሕተዋይ ባይቶ ጃፓን፡ 237 ድምጺ ብምርካብ እያ ነቲ መዝነት በቒዓ ዘላ።

ታካይቺ ፋልመይቲ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ክትከውን ዝበቕዐት፡ ንሳ ትመርሖ 'ለበራላዊ ደሞክራሲያዊ ሰልፊ' ምስ'ቲ ብ 'ኢሺን' ዝፍለጥ ሰልፊ የማናይ ክንፊ ኣብ ናይ መወዳእታ ደቒቕ ልፍንታዊ መንግስቲ ክትምስርት ድሕሪ ምስምማዓ ምዃኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ይኹን'ምበር፡ መንግስታ ኣብቲ ባይቶ ዓብላሊ ክዑብሮ ዝኽእል እኹል መናብር ብዘይምርካቡ፡ ሓደጋ ዘይምርግጋእ ኪጋጥሞ ከም ዝኽእል ይሕበር።

ምምራጽ ታካይቺ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ንለበራላዊ ደሞክራሲያዊ ሰልፊ (ኤል.ዲ.ፒ) ኣጋጢምዎ ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ባዶነትን ክርክርን ዘብቅዕ ክኸውን እዩ ተሰፋ ዝግበር።

ብዘይካ'ዚ፡ ዓወት ታካይቺ፡ ነታ ክሳብ ሕጂ ብዕዙዝ ስልጣን ደቂ ተባዕትዮ ክትምራሕ ዝጸንሐት ሃገር ኣጉዳሲ ክኸውን ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ሰልፊ ኤል.ዲ.ፒ፡ ኣቐዲሙ ነቲ ናይ ነዊሕ እዋን መሻርኽቱ ብቡድሃ ዝድገፍ ሰልፊ 'ኮመይቶ' ምኽሳሩ ዝዝከር እዩ።

ኮመይቶ፡ ኤልዲፒ ብልሽውና ንምምካት ድሉው ከም ዘይኮነ ብዝበርኒ ስክፍታ፡ ነቲ ሽርክነት ከም ዘቋረጾ ኣብ እዋኑ ምሕባሩ ኣይርሳዕን።

## ፖላንድ - ብስለያ ዝተጠርጠሩ ሰባት ኣብ ቀይዲ ተኣቲ

ፖላንድ፡ ኣብ መላእ እታ ሃገር ብስለያን ውዲትን ዝተጠርጠሩ ሸሞንተ ውልቀ ሰባት ኣብ ቀይዲ ከም ዘእተወት ተሓቢሩ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ፖላንድ ዶናልድ ታሰክ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝሃቦ ሓጺር መግለጺ፡ ዘይተታሕዙ ተጠርጣርቲ ስለ ዘለው፡ እቲ ስርሒታት ገና ይቕጽል ከም ዘሎ ገሊጹ።

እዚ ጥርጡራት ኣብ ቀይዲ ናይ ምእታው ስርሒታት ዝካየድ ዘሎ፡ "ሩሲያ ኣብ መላእ ኤውሮጳ መርበብ ስለይቲ ዘርጊሓ ኣላ" ዝብል ክሲ ኣብ ዝቐርበሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

ፖላንድ፡ ነቲ ሜእሰርቲ ምስ መንግስቲ ሩሲያ ብቐጥታ ከተተሓሕዞ እኳ እንተ ዘይከኣለት፡ ሰበ ስልጣን ፖላንድ ግን ሩሲያ ንዩክሬን ንዝድግፉ ሃገራት ንምብዳህ ዝተፈላለየ ስርሒታት ተካይድ ከም ዘላ እየም ክኸሱ ጸኒሖም።


ሰበ ስልጣን ፖላንድ፡ ኣብ ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ብጥርጣሬ ስለያን ውዲትን ሓያሎ ሰባት ኣብ ቀይዲ ኣእትዮም ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት።

መንግስቲ ሩሲያ ግን እቲ ክሲታት ውጽኢት መጠኑ ዝሓለፈ ፍርሒ ሩሲያ ምዃኑ ብምግላጽ ክነጽጎ እዩ ጸኒሑ።

## ቀጠር፡ እስራኤል ንዝፈጸመቶ ጥሕሰት ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ኮኒናቶ

ቀጠር፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ውዕል ምቁራጽ ተኹሲ ወሽመጥ ቓዛ እትፍጽሞ ዘላ ተደጋጋሚ ጥሕሰታት ብትሪ ከም እትኹንኖ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣፍሊጣ።

ኣሚር ቀጠር ሸኽ ታሚም ቢን ሓማድ ኣልሳኒ ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ቀጠር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ንኹሉ ኣብ ፍልስጤም ዝፍጸም ዘሎ ጥሕሰትን ወተሃደራዊ ስርሒታትን እስራኤል፡ ብፍላይ ድማ ወሽመጥ ቓዛ ናብ ሱቡ ዘይኑበረሉ ዞባ ንምቕያር ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታትን ቀጺሉ ምጥሓስ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹስን ደጊምና ንኹንኖ" ኢሉ።




ብመሰረት ጸብጻብ ሚኒስትሪ ጥዕና ቓዛ፡ ብ10 ጥቅምቲ ተኹሲ ደው ምባል ካብ ዝጀመረ ንደሓር፡ ኣብ ቓዛ ብውሕዱ 80 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ 303 ካልኦት ድማ ቆሲሎም ኣለዉ።

እቲ ኣሚር ወሲኹ፡ እስራኤል ኣብ ቓዛ ብእተካየዶ ዘላ ናይ ዓሌት ምጽናት ኩናት ተሓታቲት ክትከውን'ኳ ኣብቲ ከቢ. ንዘርከቡ ሲቪላት ድማ ሓለዋ ክግበረሎም'ኳ ማሕበረ ሰብ ዓለም ጻውዒቱ ከቕርብ ኣተሓሳሰበ።

እስራኤል፡ ኣብ ዶሓ - ቀጠር ኣብ ልዕሊ ልኡኽ ሓማስ ንዘካየደቶ መጥቃዕቲ ብምጥቃስ ድማ፡ "እስራኤል ኣብ ልዕሊ መንጎኛ ኮይና እትሰርሕ ሃገር መጥቃዕቲ ብምክያዳን ንኣባላት ልኡኽ ጉጅለ ሓማስ ክትቀትል ብምፍታና፡ ንኹሉ ኣህጉራዊ ሕግታትን ስርዓታትን ዓለም ጥሒሳ'ያ" ክብል እቲ ኣሚር ኣረዲኡ።

እስራኤል ብ9 መስከረም 2025፡ ነቲ ኣብ'ቲ እዋን ተኹሲ ደው ናይ ምባል ዝርርብ ንምክያድ ተረኺቡ ዝነበረ መራሕቲ ፍልስጤማዊ ጉጅለ ሓማስ ንምቕንጻል ኣብ ከተማ ዶሓ ደብዳብ ነፈርቲ ምፍጻማ ይዝከር።

## ኢጣልያ - ትሑት መጠን ወሊድ ይምዝገብ

ኣብ ኢጣልያ፡ ኣብ'ዚ ዓመታ'ዚ ተወሳኺ ምንቁልቋል መጠን ወሊድ ተኸሲቱ ብምህላው፡ ነቲ ደሮ ተፈጢሩ ዝጸንሐ ዲሞግራፊያዊ ቅልውላው መሊሱ ከም ዘጋደዶ፡ ቤት ጽሕፈት ስታቲስቲክስ ናይ'ታ ሃገር ዝሓለፈ ሰሉስ ኣፍሊጡ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 370 ሽሕ ህጻናት ጥራይ ከም ዝተወለዱ ዝሓበረ እቲ ቤት ጽሕፈት፡ እዚ ድማ ድሕሪ ምጥርናፍ ኢጣልያ ኣብ 1861 ዝውሓደ ኣሃዝ ኮይኑ ከም እተመዝገበ የረድእ።

ኣብ ቀዳሞት 7 ኣዋርሕ ናይ 2025 እውን፡ እዚ ኣሉታዊ ተርእዮ ከም ዝቐጸለ ዘብርህ እቲ ጸብጻብ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ትሕቲ 198 ሽሕ ሓደስቲ ዝተወልዱ ህጻናት ከም ዝነበሩን እዚ ድማ ካብ ተመሳሳሊ እዋን ናይ 2024 ብ6.3 ሚእታዊት ዝተሓተ ከም ዝነበረን እቲ ቤት ጽሕፈት ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ወሲኹ ሓቢሩ።



ኣብ ኢጣልያ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ እናነኸየ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ወሊድ ህጹጽ ሃገራዊ ኩነታት ኮይኑ ከም ዘሎ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጆርጅያ ሜሎኒን ቅድሚኣ ዝነበሩ ሰበ ስልጣንን ነቲ ጉዳይ ንምምጣም ቃል እኳ እንተ ኣተዉ፡ ዛጊት ዝጥቀስ ምምሕያሽ ከም ዘይተራእየ የጽንዑ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሂወት | 22/10/25 | ጎደና ብድሆ ቅብቢሸዳ ፡(ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services